# ሓሙሻይ ምዕራፍ

## ቤተ ክርስቲያን ካብ 19 - 20 ዘመን

ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ መወዳእታ ርብዒ መበል 19 ዘመን፡ ንኤርትራ ምስ ሓዘ፡ ብ1 ጥሪ 1890 ፈ. ትርጉሙ "ቀይሕ ባሕሪ" ማለት ዝኾነ "ኤርትራ" ብዝብል ስያሜ ግዝኣቱ ምኳና ብዕሊ ኣወጀ። ጽንሕ ኢሉ ምስ ደልደለ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን በበይኑ ተጽዕኖታት

---

[27] E.P.E. p. 1978. p. 147-175.

ክገብር ጀመረ።[1]

## ኤርትራ ኣብ ጥንተ ታሪኽ ምድረ ፉጥ (ፑንት) (ዘፍ 10:6።)

ካብ ጥንታዊ ሰነዳት ግብጺ ምርዳእ ከም ዝክኣል ክንዮ 2500 ዓመታት ቅ.ል.ክ ጀሚሩ፡ ነገስታት ግብጺ ናብ ምድረ ፉጥ (ፑንት) ዳህሰስቲ ሰባት እናለኣኹ፡ ብኡ ኣቢሎም ባሕራዊ መስመረ ንግዲ ግብጸ ፑንት ከም ዝኸፈቱን ንፉሳት እናስተባሃሉ ካብ ኣዱሊስ ሓሊፎም ክሳብ ህንዲ ዝበጽሕ ምልውዋጥ ንግዲ፡ የካይዱ ምንባሮምን ይፍለጥ።

ኣብ መበል 25 ዘመን፡ ቅ.ል.ክ ንግዳዊ ወፍሪ የካይዱ ካብ ዝነበሩ ጥንታውያን ግብጻውያን ሓደ ብ2470 ዓመት ቅ.ል.ክ ንዳህሳስን ንግድን ልኡኻቱ ናብ ምድረ ፑንት ዝሰደደ ንጉስ ሳሁር፡ ኣብ ዘመኑ ካብ ሃገሮም (ግብጺ) ንደቡብ ዘብል ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ናብ ጫፍ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝኣንፈቱ ኣድያም (ዞባ) "ሃገረ ኣምላክ" (ኣምላኻዊ መሬት፡ God's Land: To Neter) ይጽዋዕ ከም ዝነበረ ብፍላይ ካብታ ንሙሴ ካብ ቀላይ ኣውጺኣ ዝዐበየቶን (ዘጸ 2:5-10።) ድሕሪ ኣቦኣ ዝነገሰትን ግብጻዊት ንግስቲ ሃት፡ ሸፕሳት (Hat-Shapsut: 1520-1484 ቅ.ል.ክ) ዝተላእኩ መርከበይናታት ዳህሰስትን ነጋዶን፡ ኣብ ምድረ ፑንት መጺኦም ጕጭ ሓርማዝ፡ ወርቂ፡ ዕጣን፡ ዕጸ ከርበ፡ ዕጸ ዝበ፡ ቈራብቲ እንስሳን ኣራዊትን ደቂ ተባዕትዮን ደቂ'ንስትዮን ገላዉ (ባራዩ) ወዘተ. ጠቓሚ ነገር ሒዞም ምስ ተመልሱ ብዛዕባ መልክዓ ምድርን ሕዝብን ደቂ ፑንት ዘቕረቡዎ ጸብጻብ ኣብ ሸነኽ ደቡብ ግብጺ ዝርከብ ቤት ኣምልኾኣ ሓወልቲ ቲቤ ወይ ሉክሰር፡ ናይ ሎሚ "ባሕር ኣል ደይር" ዝብሃል ተመዝጊቡ ይርከብ፡ ብኸም'ዚ ደቡብ ግብጽን ምዕራባዊ ምድረ ፑንትን ዘጠቓልል "ኣምላኻዊ ምድሪ" "ሃገረ ኣምላኽ" ብዝብል ቅጽል ስም የመጉስዎ ነበሩ።

[1] ህ.ደ.ኤ. ገጽ 297።





ናብ ምድረ ፑንት ዝኣትዉ ዝነበሩ ናይ ንግዲ ኣቝሑ ኸኣ ወይኒ፡ ኣስራዚ፡ ንኬል (ታኒካ) ወዘተ. ዝመስሉ ኢዮም ይብሃል።[2]

ካብ ስርወ ንግስነት ፈርዖናት ሓደ ዝኾነ መበል 18 ተርታ ዝሓዘ ንጉስ ቱትሞሴስ (Thutmoses፡ 1501-1447 ቅ.ል.ክ) ብወገኑ ኣብቲ ናብ ምድረ ፑንት ዝገበሮ ሓያሎይ ወፍርታቱ ዝረኸቦ ጥቕምታትን ምስ ምድረ ፑንት ዝነበሮ ርክባትን ዝገልጽ ጽሑፉ ብቕብጢ ኣቱሊት፡ ብግሪኻዊ ኣደማምጻ ኣውቶሊት (Autoulit፡ ኣዱሊስ)፡ ኣማሱ፡ Amasu፡ ተገሩ (ተካሩ፡ Tekaru) ዝብላ ቦታታት ይጠቅስ፡ እዚኣተን ብዘይ ውልውል፡ ኣዱሊስ ሓማሴን ትግረ ኢየን። ካልእ ስያሜ ፑንት ኸኣ፡ ኸብሲ (Khebsi) ዝብል እሞ ነቲ ኣብ ጽሑፋት በጥሊሞሳውያን "ፑንት" "ሃገረ ኣምላኽ" ተባሂሉ ዝተጠቕሰ ንኽገልጽ ዝተጻሕፈ "ኸበሳ" ሓበሻ፡ ሓበሻት ምስ ዝብል ስም ዝተተሓሓዘ ይመስል ይብሉ ሊቃውንቲ።[3] ኣብ ሓወልቲ ኣዱሊስ ዝተጠቕሱ ሕዝብታት ዘንጋብነን ዓንጋበን ከኣ ኣብ ከባቢ ኣዱሊስ ዝነብሩ ትግረቶት ኣሕዛብ ምኳኖም ነቲ ጽሑፈ ሓወልቲ ዝቐድሖን ዝተርጐሞን ቆዝሞስ (525 ፈ.) ይምስክር።[4]

ብመሰረት'ዚ ምድረ ፑንት ማለት ገማግም ቀይሕ ባሕርን ከባቢኡን ኮይኑ ወሰናስኑ'ኳ ንሰሜን ደቡብ ነዊሕ ዝዝርጋሕ እንተ ኾነ ማእከሉን መናሃርያኡን ካብ ኣዱሊስ ንሸነኽ ሰሜን ዘብል ምድረ ኤርትራን ባሕሩን ከም ዘመልክት ተመራመርትን ሰነዳትን የረጋግጹ።

ካብ ቀደም ክሳዕ ደሓር፡ ቆሓይቶ መደበር ጕጭ ሓርማዝን ዝመሰለን፡ ኣዱሊስ ድማ ዕዳጋ በበይኑ ዓይነት ጠቓሚ ነገርን መሰጋገሪት ወደባዊት ከተማን ምንባረን እንተላይ ኣብ ዝመነ በጥሊሞሳውያን፡ ምናዳ ኣዱሊስ ባሕራዊ መገዲ፡ ንግዲ ዝሓልፈላ

[2] A.N.E. p. 15.

[3] A.M.E.H. p. 23. * E.J.D. p. 17.

[4] ገ.ባ.ኤ. ገጽ 28።

ቅድመ ኣኹሱማዊ ስልጣኔ ዝጽዋዕ መዋዕል ማእከለ ምዕባለ ምንባራ ዝሕብር በጥሊሞስ ሳልሳይ (246-221 ቅ.ል.ክ ይኹን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ፡ ታሪኽ ዝመዝገቡ ኣብቲ ንባሕረ ኤርትራ The Periplus of the Erythraean Sea) ኣመልኪቶም ዝጸሓፉዎ ተገሊጹ ይርከብ።[5]

## ኤርትራ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡-

ባሕረ ኤርትራ ብቛንቋ ዕብራይስጢ ንሱ 'ውን ካብ ቃለ ቅብጥ (ግብጺ) ተተርጕሙ ዝተወርሰ "ያም ሱፍ" Yam Suph፡ ባሕረ ሱፍ፡ ባሕረ ሰልሰላ፡ (The Sea of Reeds) ባሕረ ቂሓት (Red Sea) እናበለ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዝማዕበለ ስም ኢዩ።

"ባሕረ ኤርትራ" ተባሂሉ ኣብ በበይኑ ምዕራፋት መጽሓፍ ቅዱስ ዝግለጽ ከባቢ፡ ኣብ ካልኣይ ሺሕ ዓመት ቅ.ል.ክ እስራኤላውያን ብስደት ኣብ ግብጺ ነይሮም ናብ ኢየሩሳሌም ክምለሱ ኸለዉ ኣብ ዙርያ ምድረ በዳ፡ ካብ ሸነኽ ምዕራብ ብደቡብ ኣቢሎም ናብ ምብራቕ 40 ዓመት ኣብ ጕዕዞ ዕንክሊል ዝበሉዎ ቦታታት ንምግላጽ ዝሰገሩዎ ቀላይን ዝተጻግዑዎ ባሕርን ከመልክት ክሎ ኢዩ ተጠቒሱ። (ግብ ሓዋ 7፡36።)

ሕዝበ እስራኤል ፈለማ ዝተሳገሩዎ ፍሉይ ሸነኽ ባሕረ ኤርትራ ኣብ ጥቓ ሱኮት ዝርከብ ቀላይ (ሓይቅ) ክይኸውን ብገሊኦም ምሁራን ካብ ዝውሃብ ግምት ሓሊፉ ውሱን ኣይኮነን። ብዕብራይስጢ ቃል ብቓሉ "ያም ሱፍ" (Yam Suph) "ባሕረ ሰልሰላ" ተጸዊዑ ዘሎ መልክዓ ምድር ባሕረ ኤርትራ፡-

1. ኣብ መንጎ ወሽመጥ ባሕረ መዲተራንያንን መትረብ ስዊዝን ዝርከቡ ቀላያትን ሓይቅታትን።
2. ናብ ወሽመጥ ስዌዝ ዘብል ሸነኽ።
3. ወሽመጥ ዓቃባ (ሱፍ) ናብ ምዕራብ ዓረባ (ባሕረ ጼው፡

[5] E.SH.H. p. 36-38. *ገ.ባ.ኤ. ገጽ 11-17።





ባሕሪ ጨው) ዝተዘርግሐን ዝተተሓሓዘን ኮይኑ ይርከብ። እዚ ምስ ቀይሕ ባሕርና'ውን ብመገዲ ማይ ዝተላገበ ኢዩ። (ዘጸ 10፡19። 13፡18። 23፡31። ዘኍ 14፡25። 20፡14-21። 24፡4። 33፡10-10-11። ዘዳ 1፡1። 2፡1። 3፡17። 1 ነገ 9፡26። መዝ 106፡7-9።) ጥቕስታትን መግለጺታትን እዘን ምዕራፋት ኣብ The New Jerusalem Bible= Good News Bible: The Holy Bible New International Verssion revised 1983 መ. ቅ. መ. ቃ. 162 ተመልከት)

## ተሓድሶ ስም ኤርትራ፡-

ግሪኻውያን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ወፍሪ ንግዲ ከካይዱ ኸለዉ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ምስ በጽሑ ኣብቲ ቀላይ ቀይሕ ሓመድን ቀይሕ ሳዕርን ስለ ዝረኣዩ፡ ብቛንቋኦም "ኤርትሮስ" ካብ ዝብል ቃል ስም ኤርትራ ወጺ። ትርጉሙ ንባሕሩን መሬቱን ዝምልከት ቀይሕ ማለት ኢዩ።

ቅድም'ውን ኣውራ'ኳ ካብ 14 ዘመን፡ ንነጀው ኣቢሉ፡ "ምድረ ባሕር" መራሕታ ኸኣ "ባሕረ ነጋሲ፡ (ንጉሰ ባሕር) ማእከለ ባሕር (ሹም ባሕሪ)" ሓደ ሓደ ጊዜ'ውን ከም ዘለዎ ቃለ ግሪኽ፡ "ኤርትራ" መጸውዒ እዛ ሓዳስ ኤርትራ ኾይኑ ክስመየሉ ከም ዝጸንሐ ዘዘንትዉ መዛግብተ ታሪኽ ኣለዉ።[6] "ማእከለ ባሕር" ዝብሃል ብሱሩ ልክዕ ከም ምድረ ባሕርን ንጉስ ባሕርን (ባሕረ ነጋሲ) ካብ ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ፈለገ መረብ ሓደ ሓደ እዋን ከኣ ክሳብ ተከዘ ዝሰግር ዝርጋሐ ዝነበሮ ክኸውን ክሎ ሳሕቲ ኣብ መበል 12 ዘመን ኣቢሉ ኣብ ዘመነ ንግስነት ዘኣገው (ዛጔ) ንሳቶም ይገዝኡዎ ንዝነበሩ ኣብ መንጎ ኽልተ ኣፍላጋት መረብን ተከዘን ንዚርከብ ክልል ዘመልክት ጥቕሲ እኳ እንተ ነበረ፡ ድሕሪ ብሔረ ግእዝ፡ ኣግኣዚት፡ ኣግኣዝያን ስያሜታት

[6] ገድለ ኤዎስጣቴዎስ ብራና።

ቋንቋ ግእዝን ዘመነ ክርስትናን ምድረ ባሕር ዝብል ገዲም መጸውዕን ነባር ስምን ኤርትራ ኢዩ። ነይሩ ነይሩ መግዛእቲ ኢጣልያ ካብ ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ፈለገ መረብ ንመላእ ኤርትራ ምስ ሓዛ፡ ብ1 ጥሪ 1890 ፈ. ነዚ ናይ ቀደም ታሪኽ ብምድጋም ንባሕርን ምድርን ኤርትራ ዝሓቘፈ ስያሜ፡ "Mare Erythraeum፡ The Red Sea ቀይሕ ባሕሪ" ማለት ዝኾነ፡ "ኤርትራ" ዝብል ኣዋጅ ኣስምዓሉ።[7]

ሕዝቢ ኤርትራ ብጥንቱ ሕብሪ ባሕሩን ምድሩን ዝመለለዩሉ ሕዝቢ ኮይኑ፡ ተደጕሉ ዝነበረ ተጋሊሁ፡ ዝሒሉ ዝነበረ ሞይቁ፡ ሃሲሱ ዝነበረ ደሚቑ ኢዩ መሊሱ ስያሜኡ ተሓዲሱ።[8]

## ተጽዕኖ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ልዕሊ ቤተ ክርስቲያን

ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢጣልያ መቐመጢኡ ምስ ኣመዓራረየ በብጊዜኡን በብምኽንያቱን ንቤተ ክርስቲያን ክጻብኣ ጀመረ። ጕልቲ ገዳማት መሬት ቤተ ክርስቲያን ኣሕዲጉ፡ "ርስቲ ናብ በዓል ርስቲ፡ ልቓቕ በዓል ጕልቲ" ኢሉ ክፍሊቱን ኣናባባሩን መንዚዑ ባዕሉ ኣዋፈሮ፡ መተካእታኡ ንገለ ገዳማት መጠበሪ ወርሓዊ መሃያ ሒደተይ ፈረንካ (ሊረ) መደበለን። ብርስተ መስቀል፡ ስሉስ መሬት ዝፍለጥ ዝነበረ ትሕዞ መሬት ቤተ ክህነት ገለ ኣድባራት እናነከየ ዕስክርና ንዝኾተቡ ኣጓብዝ (ናብ ሊብያ ትሪፖሊ፡ ኢትዮጵያ ክዋግኡ) መጠዎም።

ብ1909 ፈ. ዝተመሓላለፈን ብ1926 ፈ. ዝተመሓየሸን ኣዋጃት ካብቲ ደቀባት ኤርትራ ዝውንንዎ ልሙዕ መሬት ተሓዲጉ መሬት መንግስቲ (Terre Demaniale: Domanial Lands or Crown Lands) ኮነ። ንኣብነት ቅድመ መግዛእቲ ኢጣልያ መሬት ገዳም ደብረ ቢዘን ዝነበረ ክልል ዝዓበየ ኽፋሉ መንዚዑ ናይ ሕርሻ

---

[7] ሀ.ደ.ኤ. ገጽ 294።

[8] H.C.Ch.E. p. 1-2.





ግብሪ ንዝኸፍሉ ተወፊሮ ዓደሎ። ብተመሳሳሊ ገለ ዓድታት ዝጥቀማሉ ካብኡ እኳም ቤተ ክርስቲያን ዝርከቦ ሸኻታት "ሕዛእቲ መንግስቲ" ተባሂሉ ንናይ ሰበ ስልጣንን መኰንናትን ኢጣልያ ኣባቕል ቀለብ ተዓጺዱ ይውሰድ፡ ተረፍ ዓጺድ ንቕሩብ መዓልቲ ጥሪት ናይ ዓዲ ምስ በልዓኦ ድማ ከም ብሓድሽ ይሕዛእ።

ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራ ካብ'ቲ ዝሕረስ መሬት ከይተረፈ ክፋሉ ንወተሃደራዊ ሰፈርን ንኢጣልያውያን ሓረስቶትን ከውዕሎ ኸሎ፡ ክፋሉ ብስም "ኮንቸስዮነ" ንሃብታማት ዜጋታት ኢጣልያ ኣረከቦም።[9] ስርዓት መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ብመሬት ዝተባኣሱ ዓድታት ወይ እንዳታት'ውን ኣካራኺሪ መሬት ንመንግስቲ ኢዩ ዝግባእ እናበለ ይወስዶ ከም ዝነበረ ኣብቲ ሽዑ ዝቐረበ መረረን ጥርዓንን ከም ኣብነት፡

*"እግዚኣብሔር የርኢኻ ጕይታና፡ እዚ ምስላ'ዚ ተመሰለ፡ ድንግል ጓል ነበረት፡ ሓረስታይ ረኸባ፡ ሰበይቲ ክትኮነኒ ኢሉ ኣእተዋ፡ ዳይና ድማ ንዓይ ክትኮነኒ ኢሉ ኣግደፎ፡ ነቲ ጭቃ፡ ምስሌነ ኣግደፎ፡ ምስሌነን ጭቃን ናብ ንጉስ ተተሓሒዞም ከዱ። ንጉስ ከዓ ከይብይነሎምስ ንዓይ ክትኮነኒ ወሰድኩዋ የለ። እዚ ዓለም ዝብሃል በዚ ኸምዚ ኢዩ ዓለም ተባሂሉ። ሕጂ ኸዓ ጕይታና ምድርና ብጥንቲ ብጥቅምቲ ጽሉም ኢዩ፡ ከም ላሕም፡ ከም ጤል ሸጥና'ውን ንበልዖ ኢና እሞ ኸልቴና ተባኢሽና ምስ ከድና ኮነኔር ፒያናዊ ንመንግስቲ ኢሉ ከልኣና፡ ሕጂ ከዓ እግዚኣብሔር የርኢኻ።"*

ዝብል መደረ ሓደ ዓቢይ ዓዲ ይርከቦ።[9.1]

ብዘይካ'ዚ ኦርቶዶክሳውያን መራሕቲ ምስ ካልኦት መራሕቲ ንምውድዳርን ሃይማኖት ካብ ሃይማኖት ንምብልላጽን ፈተነታት ይገብር ነበረ። እዝን ካልእን ኣደራዕ ዝወረዳ ቤተ ክርስቲያንን

---

[9] ሀ.ደ.ኤ. ገጽ 80። *Land Tenure on the Eritrean Plateau Brtish Military Administaion 1944. p. 2, 19-20.

[9.1] CARLO CONTI ROSSINI STUDI SU POPOLAZIONE DELL' ETIOPIA 1914 P. 626

ባዕዳዊ መሪሕነት ኢጣልያን ከይተቓደዉ ተፈላልዮም።

መግዛእቲ ኢጣልያ ለቒቑ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ
ምስ ተተክአ ኣብተን 10 ዓመታት ግዝኣቱ ብዘይካ ነቶም ብስ
ኒት ተጻዋዊሮም ይነብሩ ዝነበሩ ክርስቲያንን ኣስላምን ምፍልላይን
ምብኣስን፡ ንኤርትራ ቆላን ከበሳን መቓቒሉ፡ ናብ ረብሓኡ
ምእታውን ካልእ ዘርኣዮ ሰናይ ነገር ኣይነበረን። እዚ ዝኾም'ዚ
ድማ ኢዩ ካብ ብሃይማኖትን ብዓሌትን ዘይመስሉና ጸዓዱ ባዕዳ
ውያን ገዛእቲ፡ ንዓና ዝመስሉ ብሓደ ግብጻዊ ጳጳስ እንምራሕ
ሓደ ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ዘሎና፡ ምስ ኢትዮጵያ ምሕባር
ዶኾን ይሓይሽ ዝብል ሓሳብ ኣብ ገለ መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን
ዝሓደረ።

እንተ ኾነ ሕውነትን ምሕዝነትን ዘይኮነስ ግርምቢጥ መግዛ
እታዊ ተርእዮ ስለ ዘስዓበ እታ ቐዳማዊትን ጥንታዊትን ኤርትራ
ከም ውላድ እታ ሃይማኖትን ስልጣኔን ካብ ኤርትራ ዝተቐበለት
ብኤርትራ ኣቢሉ ዝሰገራ ኢትዮጵያ ኸኣ ከም ዓባይን ወላዲትን
ዝሓስብ ልዕልና ምስ መጸ ቅሳነት ኣይሃበን። ኣማስያኡ ኸኣ
ብመሪሕነት ደርጊ ዝመጸ ጸረ ቤተ ክርስቲያንን ሃይማኖተ ኣል
ቦን ስርዓት፡ መወዳእታ ነገር ኮነ።

## ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን

### ናይ መዋዕል ቤት ትምህርቲ

ካብ ክፍላ 4ይ ክሳዕ መበል 19 ዘመን ንልዕሊ 1600 ዓመ
ታት ካብ መሰረተ ትምህርቲ ምንባብን መጽሓፍን ክሳብ ዝለዓለ
መንፈሳዊ መዓርገ ትምህርቲ፡ ዓለማዊ ስርዓታትን ማሕበራዊ ስነ
ምግባራትን ዝወሃበላ ብሕታዊት ቤት ትምህርቲ እንኮ ኦርቶዶ
ክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኢያ ነይራ። ዘመናዊ ትምህርቲ
ዓለም ኣብ ኤርትራ ክሳዕ ዝተጀመረሉ ጊዜ፡ ትምህርተ ክርስት
ናን ስነ ምግባርን ብኣፍን ብጽሑፍን ብትውፊትን ብቓለ መጻሕ





ፍትን፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ብኣባላት ቤተ ክህነት ብንባብ ብድ
ጋም ብዜማን ብትርጉምን ክውሃብ ጸኒሑ ናብዚ መዋዕል'ዚ
በጺሑ።

ኣባ ሰላማ ከሳቴ ብርሃን ንሕጻናት ይምህሩን ጵጵስና ተሸይ
ሞም ምስ መጹ ኸኣ በብኸባቢኦ ካህናት መዲቦም የመሃህሩን
ስለ ዝነበሩ ምስ ምትርጓም መጻሕፍትን ምምሕያሽ ፊደላትን
ምምሃር ምስትምሃር፡ ኣብ መፋርቕ ራብዓይ ዘመን፡ ከም ዝተጀ
መረ ይፍለጥ።

ሽሕ'ኳ ግእዝ ጽሑፋዊ ቛንቋ ኾይኑ ኣብ ኣገልግሎት እንተ
ነበረ፡ ሶርያውያን ልኡኻን ወንጌል (በዓል ኣባ ሊባኖስ ተስዓቱ
ቅዱሳን ብዙሓን ጻድቃን ...) ናብዚ ሃገር ምስ መጹ ኣብ ንጥፈ
ታት ስነ ጽሑፎም ምስ ደቂ ሃገር ኮይኖም ብምስትሃር እምነት
ክርስትና ኢዩ ኣውራ ተመዓራርዩን ማዕቢሉን። ንሳቶም ምስ
ደቀ'ባት ብምውሃድ ሕዝቢ ምሉእ ትምህርተ ሃይማኖት ምእንቲ
ክረክብን ኣባላት ቤተ ክርስቲያን ክስስኑን በብሰበኻኦም (ከባቢ
ኦም) ናእሽቱ ኣብያተ ትምህርቲ ብምቛም ነቶም ዝኣልዩዎም
ምእመናን፡ ደቆም ናብቲ ቤት ትምህርቲ ከም ዝልእኩ እናገበሩ
ትምህርታዊ ቑም ነገር ኣወፍዮም ኢዮም።[10]

ነፍስ ወከፍ ስድራ ቤት፡ ሓደ ፍሉይ ኣበ ነፍሲ (Soul
Father) ወይ ኣበ ንስሓ (Father confessor) ብመንፈሳዊ መገድን
ብጽቡቕ ስነ ምግባርን ክካየዱ ዝምህርን ዝምዕድን ስለ ዝም
ደበሎም ኣብ ምትብባዕ ትምህርቲ ዓቢይ ግደ ነይሩዎ። ገሊኦም
ውሉደ ክህነት እንተ ወሓደ ንደቆምን ንጐረቤቶምን እቲ ዝፈል
ጡዎ ትምህርቲ ምሂሮም ብመጠኑ ናብ ኣገልግሎት ቤተ ክርስ
ቲያን የሰጋግሩን ዝትክኦም ይምድቡን። ተመሃሮ ኸኣ፡ ክፋል
ጸሎታተ ቕዳሴን ንባባት ቅዱሳት መጻሕፍትን ምስ ፈለጡ፡ ንተ
ወሳኺ ትምህርቲ ካብ ዓዶም ወጺኦም ናብ ኣድባራትን ገዳማትን

10 Ch. S.E. p. 24.

ይኸዱ። ኣብኡ ዘድልዮም ዓይነትን ደረጃን ትምህርቲ ኣሳሊጦም ምስ ተመልሱ ኣብ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ይጽመዱ። ካብ ሕዝቢ ኸኣ ፍሉይ መሰልን ኣኽብሮትን ይግበረሎም። በዚ ኸምዚ እምበኣር ነፍስ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ቤት ትምህርቲ ኢያ ክብሃል ይከኣል።[11]

ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያን ንኣማእት ዓመታት፡ እንኮ መሰልጠኒት ክርስቲያንን ብታሪኻዊ ኩነት ሓላፍነት ወግዓዊ፡ ሃገራዊ፡ ትምህርቲ ዝተቐበለትን ክሳዕ ምምጻእ መግዛእቲ ኢጣልያ ብእዋኑ ዝነበረ ስሩዕ ትምህርቲ እትህብ ብሕታዊት ተቐዋመ ትምህርቲ ኾይና ኢያ ጸኒሓ። ዋላ'ኳ ድሒሩ ምስ ምምጻእ ምስልምና ካብ ሻሙናይ ዘመን፡ ንነጀው ኣብ ደሴታት ዳህላክ ትምህርቲ ቛንቋ ዓረብ ካብኡ'ውን ኣመንቲ ምስልምና ብርክት ኣብ ዝበሉሉ፡ ትምህርቲ ቍርኣን ብቛንቋ ዓረብ ክነብር ከም ዝኽእል ተመራመርቲ እንተ ገመቱ፡ ብሃገራዊ ቛንቋን ፊደልን ንኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ጥራሕ ዝተወሰነ ዘይኮነስ ሕዝቢ'ውን ብውሑዱ ምንባብን ምጽሓፍን ዝኽእለሉ ትምህርቲ፡ ካብ ምእታው ክርስትና ኣትሒዙ ኣብ ትሕቲ ቤተ ክርስቲያን እናተዋህበ ከም ዝጸንሐ ኢዩ ዝፍለጥ።

ካብዚ ሓሊፉ ኣብ መሪሕነት ሕዝቢ ዝምደቡ ሰበ ስልጣን መምርሒ ክኾኖም ዝኽእል ናይ ቀለምን ስነ ስርዓትን ትምህርቲ ብምሃብ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዓውደ ፍልጠት እተበርክቶ ግደ፡ ናብ ውሉድ ወለዶ እናተመሓላለፈ መጺ።

> "ወገብሩ ልኅቀ በደብረ ማርያም ቅድስት እንዘ ይትመሃር ጥበበ እምነ አቡሁ አብሳዲ ወላዴ አእላፍ፡ ወእምድኅረ ተምህረ ኵሎ ባረኮ ወኮነ መስፍነ ወመኰንነ ላዕለ ዓቃጽነ ሠራዊ፡"

"ገብሩ፡ ኣብ ቅድስት ደብረ ማርያም (ቈሓይን) ካብ ወላዲ

11 A.M.E.H. p. 114.





ኣእላፍ ኣቦኡ (ብመንፈስ) ኣብሳዲ ጥበብ እናተማህረ ዓበየ፡ ብድሕርʼዚ ኹሉ ምስ ተማህረ መረቖ (ኣቡነ ኣብሳዲ) እሞ ኣብ ልዕሊ ዓቀይቶት ሰራዊ ሹመይና በዓል ስልጣን ኮነ፡" ዝብል ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።[12]

ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ብዕላማ ንኽልቲኡ ጾታዊ ወገን ፍቑድ'ኳ እንተ ኾነ ብተለምዶ ኵሉ ሳዕ ደቂ ተባዕትዮ ብብዝሒ ክጥቀሙሉ ይርኣዩ።

## ትምህርታዊ ኣበርክቶ ቤተ ክርስቲያን

1. ኣብ ቤተ ክርስቲያን ካህናት ወዲያቆናት ደባትር፡ ኣናጉንስጢስ (ዳዊት ደጋሚ፡ ሰዓታት ቀዋሚ፡ Scribes) ኮይኖም ዘገልግሉ ምድላውን ምስልጣንን።
2. ተራ ዓለማዊ ሕዝቢ፡ ብመጠኑ ምንባብን ምጽሓፍን ክኽእል ምምሃርን ምስትምሃርን "ዘይተማህረ ኣየድሕን፡ ዘይተወቕረ ኣየጥሕን" ብዝብል ምሳሌ።
3. ምዕቃብን ምስግጋርን ባህላዊ ወማሕበራዊ ውርሻ።

## ሜላ ትውፊታዊ ትምህርተ ቤተ ክርስቲያን

ትውፊታዊ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ከም ዘመናውያን ኣህጉረ ምዕራብ (ኤውሮጳ) ዝጅመረሉ፡ ዝሕለፈሉን ዝፍጸመሉን ውሱን ጊዜን ደረጃን ትምህርቲ የብሉን። ከከም ክእለት ተመሃሮ ኣፍልጦኦም ዝውሰኖ ቐልጢፎም ወይ ደንጕዮም ሓደ ምዱብ ክፍለ ትምህርቲ ዝፍጽሙ እምበር፡ ብጊዜ ዝዕቀን ወሰነ ትምህርቲ (ደረት) የለን። ካብ ሓደ ናብ ካልእ ጽፍሒ ትምህርቲ (ቀጸላ ትምህርቲ) ክኺሎቶም ኢዩ ዘሰጋግሮም።

12 ኣርባዕተ፡ ወንጌል ብራና ደ. ማርያም።

## መሳርዕ ትምህርቶ ቤተ ክርስቲያን፡

ሰረተ ትምህርቲ ብሓፈሻ፡ ንባብ ጽሕፈት፡ ጸሎታትን ክፋል ካብ ትምህርቲ ዜማን የጠቓልል። ነዚ ምስ ፈለጠ ናብ ዝለዓለ መዓርገ ትምህርቲ ክሰግር ዝደለየ ሰለስተ ኽፍልታት ዓውደ ትምህርቲ (Faculties) ዜማ፡ ቅኔ፡ ስነ ትርጓሜ (ሓተታዊ ትርጓሜ) ይመሃር።

መባእታ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኣብ ነፍስ ወከፍ ቤተ ክርስ ቲያን ክውሃብ ዝክኣል ግብረ ዲቁናን ብቑዕ ግብረ ክህነትን ዝሓዘ ጸሎተ ቅዳሴን ኮይኑ፡ ላዕለዋይ ትምህርቲ ዝብሃል ከኣ ፍጹም ግብረ ክህነትን ደብተራ ክኾውን ዝደለየ ዝመሃሮ ምሉእ ምህሮ ዜማን ቅኔን ምስጢረ መጻሕፍትን ኣብ ገዳማትን ኣድባራትን ይውሃብ። ልክዕ'ዩ ካህናትን መነኮሳትን'ውን ይመሃሩዎ ኢዮም፡ እንተ ኾነ ንሳቶም ብጸሎተ ቅዳሴ ከገልግሉ ኸለዉ፡ ደብተራ ነዚ ላዕለዋይ ትምህርቲ ተማሂሩ ብመዝሙረ ማሕሌት፡ ብጽሕ ፈት ብስእልን ካልእ ስነ ጥበብን ብመምህርነትን ብመሪሕነትን ኢዩ ዘገልግል።

ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ደብተራ ወይ ሊቅ ዝብሃል ዝለዓለ ክእለተ ምህሮ ዘለዎ ምስ ናይ ምዕራብ ኣብያተ ክርስቲያን (ኤውሮጳ) Ph.D. (philosophioe Doctor) ናይ ፍል ስፍና ዶክቶር ይመዓራረ ማለት ብትምህርተ መለኮት ናይ ዶክ ተረይት መዓርግ ይሕዝ።[13]

ብናይ ምዕራብ ክፍለ ዓለም ኣገባብ ክዕቀን ዝኽእል ጽፍሒ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ዝርዝር ቅርጺ መሳርዑ ከምዚ ይመ ስል።

1. <u>መባእታ ትምህርቲ፡</u> 26 መሰረታውያን ፊደላት ግእዝ ምስ ኣሃዛቶም፡ ስሞምን ቅርጺ መልክዖምን ብምስትብሃል ተነበ ብቶምን ኣናበብቲ ነጥብታቶምን (ግዕዝ፡ ካዕብ ... ሳብዕ) ንምጽ

13 H.C.Ch.E. p.47.





ናዕ ንጐድኒ (ጋድም) ንላዕልን ንታሕትን ብተደጋጋሚ ምምሃር፡ ካብኡ መላመዲ ንባብ ፊደለ ሓዋርያ (ካብ መልእኽቲ ዮሓንስ ሓደ ምዕራፍ፡ 1ዮሓ 1: 1-10።) ካብ መልእኽታት ጳውሎስን ግብረ ሓዋርያትን ምቕሉል ንባባት ተመሪጹ ብግእዝ ውርድ ንባብ (ንኡስ ንባብ) ብንባብ ይደጋገም፡ መዛዘሚ ድጋም መዝሙራተ ዳዊት ምስ መሓልየ ነቢያት

ማሕሌተ ሙሴ ዘጸ 15፡1-21።

ካልኣይ ማሕሌተ ሙሴ ዘዳ 32፡1-4።

ጸሎተ ሓና 1 ሳሙ 2፡1-11።

ጸሎተ ዕንባቆም ዕን 3፡2-10።

ጸሎተ ዮናስ ዮና 2፡2-10።

ጸሎተ ሕዝቅያስ ኢሳ 38፡10-20።

ጸሎተ ኢሳይያስ ኢሳ 26፡9-20።

ጸሎተ ዳንኤል ዳን 9፡4-19።

ስብሓተ ፫ቱ ደቂቅ ዳን 1-67።

ጸሎተ እ. ማርያም ሉቃ 1፡46-55።

ጸሎተ ዘካርያስ ሉቃ 1፡68-79።

ጸሎተ ስምዖን ሉቃ 2፡29-32።

ጸሎተ ምናሴ ምናሴ 1፡15።

መሓልየ መሓልይ ዘሰሎሞን ይመሃር፡ ጐድኒ ጐድኒ'ዚ ጸሎ ታት ምሸታዊ ትምህርቲ ልምምድ ጽሕፈተ ብሪና ይካየድ።

2. <u>ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ፡</u> እዚ ጽፍሒ ትምህርቲ'ዚ ዜማን ቅኔን ተባሂሉ ኣብ ክልተ ክፍላተ ትምህርቲ ብምምቃል ክርኣ ይክኣል። ቀደም ኣብ ትምህርተ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ከም ናይ ጥንታዊት ግሪኽ፡ ቅኔ፡ ሓደ ጨንፈር ናይ ዜማ ኢዩ ነይሩ። ድሒሩ ግን ዜማ ብናይ ባዕሉ ኣገባብ ኣዘያይማን ምልክ ታትን ምስ ማዕበለ ኣውራ'ኳ ኣብ ማእከላዊ ዘመን ታሪኽ፡ ቅኔ፡ ብተፈልዮ ርእሱ ዝኽኣለ ዓውደ ትምህርቲ (Faculty) ኮነ። ጸኒሑ

ድማ ካብ መበል 17 ዘመን፡ ንነ፝ጀው፡ ስነ ትርጓሜ መጻሕፍትን ኣቋቋምን (ብኸበሮ ጸናጽል ዝስነ) ነናይ ባዕሉ ዓውደ ትምህርቲ ሓዘ።

ዜማ፡ ምስ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ርክብ እስራኤላውያንን ሊቃውንቶ ግእዝን ዘተሓሕዞ ተመራመርቲ'ኳ እንተ'ለዉ፡ ዝበዝሑ ምሁራን ዝሰማምዕሉ ዝኾነ ናይ እዋኑ ዜማ ክነብር ዝኽእል ይኹን'ምበር ናይዚ ሎሚ ዘሎ ቀዋምን ውሑንን ዜማ መሰረቱ፡ ብቕዱስ ያሬድን ሰዓብቱን (550-664) ዝፍለጥ በብዘመኑ ብኻል ኦት እናተወሰኾን እናተመዓራረየን ከም ዝመጸ ኢዩ ዝእመን።

<u>ኣብዚ ዓውደ ትምህርቲ ዜማ፡</u>

1. መዝገበ ድጕዓ
2. ጾመ ድጕዓን ምዕራፍን
3. ዝማሬን መዋሥእትን
4. መዝገበ ቅዳሴ

መዓልታዊ ብመጽሓፍ ዜማኡን ምልክቱን ይጽናዕ። ናቱ ዘፈር (መኻይዱ) ቃለ ትምህርት ሰዓታት ግብረ ክህነት ... ጸዋትወ ዜማ ኸኣ ምሸታዊ ብቓል ይመሃር። ነፍስ ወከፍ ክፍለ ትምህርቲ ዜማ፡ ብናይ ኤውሮጳውያን መዐቀኒ ብዲግሪ ዝልካዕ ኮይኑ፡ ደባትር ይምህሩሉን ከም ቅዱስ ዳዊት ኣብ ቅድሚ ታቦት ብመዝሙረ ማሕሌት ይዝምሩሉን። ብፍላይ መዝገበ ቅዳሴ ግን ካብ መምህራን ተማሂሮም ካህናት ወዲያቆናት ብጸሎተ ቕዳሴ የገልግሉሉ። ትምህርቲ ዜማ ምስ ተዛዘመ ናብቲ ካልኣይ ዓውደ ትምህርቲ ክሕለፍ ይከኣል።

<u>ቅኔ፡</u> ናይ ቋንቋ ግእዝ ጠባያት ትርጉማት ሰዋስዋዊ ኣገባብትን ኣነጻጻሪ ታሪኽን በበይኑ ዓይነት ርድኢት ግጥምታት ግእዝ ዝጽንዓሉን ዝፍለጠሉን ዓውደ ትምህርቲ ኢዩ። ካብቲ ዝተፋላለየ መገድታት ቅኔ ብስምዕን ወርቅን ብሕብረ ቓል ተመስጢሩ ብግጥሚ ይግለጽ። ስምዒ ግልጸ ምስጢሩ። ወርቂ ሕቡእ ምስጢር ናቱ የመልክት።





ኣብ ኵሉ ዓውደ ትምህርቲ ተኸእሎ ምዝካር ዝለዓለ ቦታ ኣለዎ። ብዘይካ'ዚ ብኸበሮ ጸናጽል ብመቕምያ ዝዝመር ኣቋቋም፡ መዝሙረ ማሕሌት ገቢራዊ ትምህርቲ ይብሃል።

3. <u>ሳዕለዋይ ትምህርቲ፡</u> እዚ ጽፍሒ ትምህርት'ዚ መቐጸልታ፡ ናይ ካልኣይ ወይ ማእከላይ መዓርገ ትምህርቲ ኾይኑ ብዓውደ ትምህርተ ዜማ ወይ ትምህርተ ቅኔ፡ ንመምህርነት ዘብቅዕ ልዑል ክእለተ ምህሮ፡ ክብ ዝበለ ሞያ ትምህርቲ ኢዩ። ምስዚ ክውሰኽ ዝኽእል ጸኒሑ ርእሱ ዝኸኣለ ዓውደ ትምህርቲ ኾይኑ ዝተሰርዐ ትምህርቲ ስነ ትርጓሜ መጽሓፍ ኣሎ። (ሓተታ ወምሳሌ) ቅድሚ መበል 17 ዘመን፡ ንባብ ግእዝ ብትርጓሜ ግእዝ (ግእዝ ብግእዝ) ዝትንትን ካብ ጥንታዊ ትርጉም 70 ሊቃናት (Septuagint) ግሪኽ እስክንድርያ፡ ካብ ቅብጢ ካብ ሶርያ ዓረቢ፡ በብኸፉል ዝተተርጎሙ ቅዱሳት መጻሕፍቲ፡ ግብረ ኣበው ዘቤተ ክርስቲያን (ድርሳናት መልእኽታት...) መንፈሳውን ዓለማውን ሕገጋት ወስርዓታት ሓተታን ምሳሌን ሊቃውንተ ግእዝ ዝተወሰኾ ኢዩ።

ዓውደ ትምህርቲ ስነ ትርጓሜ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ክፍላተ ትምህርቲ ክኸፈል ከሎ።

1. ብሉይ ኪዳን
2. ሓዲስ ኪዳን
3. መጻሕፍተ ሊቃውንት (ቄርሎስ፡ 412-444 ፈ. ዮሓንስ ኣፈወርቅ፡ 347-407 ፈ) ፍትሓ ነገስት ስጋዊ ወመንፈሳዊ፡ ባሕረ ሓሳብ (ናይ ቊጽሪ)
4. መጻሕፍተ መነኰሳት (ማር ይስሓቅ፡ ፊልክስዩስ፡ ኣረጋዊ መንፈሳዊ) ተባሂሉ ይምደብ።

ትርጓሜ ብሉይን ሓዲስን ኪዳናት ብወገኑ ኣብ ብዙሕ ንኡሳን ክፍልታት ይኸፈል። ንኣብነት ሓዲስ ኪዳን (27 መጻሕፍት ሓዲስ ኪዳን)

ሀ. ኣርባዕተ ወንጌላት

ለ. 14 መልእኽታት ጳውሎስ

ሐ. ግብረ ሓዋርያት ምስ 7 መልእኽታት ሓዋርያትን 1 ራእየ ዮሓንስን ዝሕዙ 3 ንኡሳን ክፍልታት ኣለዉዎ።

ኣብዚ ትምህርቲ ትርጓሜ መጻሕፍቲ፡ ተመሃሮ ምስቲ መጽናዕቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብትርጉም ብቐጥታ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ይፈልጡ። ኣብ መጻሕፍተ ሊቃውንቲ ታሪኽ ዓበይቲ ጉባኤታት ኣብያተ ክርስቲያን ዓለም ይርድኡ። ኣብ ናይ ቍጽሪ መጽሓፍ (ባሕረ ሓሳብ) በዓላተ ቤተ ክርስቲያን ዝውዕሉሎም ዕለታት ብኸመይ ከም ዝለዋወጡን ከም ዝፍለጡን ምስኡ ገለ ኣፍልጦ ካብ ነገረ ከዋኽብት (Astronomy) የጽንዑ።

ኣብ ማእከላይን ላዕለዋይን ደረጃ ትምህርቲ ብቑዕ ጽሒፈተ ብራና፡ ቅብኣ ስእሊ ኣብ ገጻት መጻሕፍተ ብራናን ህንጻ ቤተ ክርስቲያንን፡ ሰብ ተውህቦን ግዱሳትን ይከታተሉን ይመሃሩን።

ካብ መበል 17 ዘመን ንነጀው፡ ግእዝ ብግእዝ ዝነበረ ስነ ትርጓሜ ዝተጋነነ ኣምሓርኛ ኣንድምታ ትርጉም ተኣታተወ።

ብሓደ ዓውደ ትምህርቲ ዝተመረቐ "ሊቅ" (Professor) ይብሃል። ንኹሉ ዓይነት ትምህርቲ ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ ስርዓተ ገዳማትን ኣድባራትን ናይ ምቑምን ምምራሕን ተኽእሎ ነይሩዎ።

መባእታ ትምህርቲ ካብ 7 ዓመት ዕድመ ይጅመር። 7 ዓመት ኣቢሉ ኸኣ ይወስድ። "7 ዓመት ከይመሃሩ 70 ዓመት ይድንቍሩ" ምስላ ኣቦታት። ኣብ ኵሉ ዓይነትን ደረጃን ትምህርቲ፡ መምህር ብቐረባ እናተኸታተሎም ዝቐደሙ ተመሃሮ ዝኽእሉዎ ንጀመርትን ንዝደሓሩን ተመሃሮ ይምህሩ፡ ኣብዚ ምትሕግጋዝ እዚ ኸኣ ኣብ ምልምማድ ምጽናዕን ምስላጥን ምህሮ መምህራኖም ተመሃሮኦም ኵሎም ይረብሑ።

ቤተ ክርስቲያን ንሓፈሻዊ ኣገልግሎት ዝተመደበላ መሬት እንተ ዘይኮይኑ ንመካየዲ ትምህርቲ እትረኽቦ እቶት የለን፡ ኣብ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ዋላ ኻብኡ ወጻኢ ኣብ ጽላል ኦም ክካ





የድ ዝኽእል ብናይ ቤተ ክርስቲያን ስርዓተ ትምህርቲ ንሃገርን ንቤተ ክርስቲያንን ከገልግሉን ክሕልዉን ብናጻ ትምህር።

በዚ ኸምዚ መልክዕ ትምህርቲ ንልዕሊ 1600 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ቤተ ክርስቲያን ብውሉደ ክህነት እናተዋህበ ጸኒሑ ምስ ምምጻእ መግዛእቲ ኢጣልያን ሚስዮናውያን ካቶሊክን ወንጌላዊትን ዘመናዊ ትምህርተ ዓለም ተኣታተወ። ፈለማ ስዊደናውያን ኣባላት ወንጌላዊት ቤተ ክርስቲያን ብ1870 ፈ. ኣብ ምጽዋዕ፡ ድሕሪኡ፡ ሚስዮናውያን ካቶሊክ ብ1886 ፈ ኣብ ከተማ ዓሰብ፡ ካብኡ መንግስቲ ኢጣልያ ብ1895 ፈ. ኣብ ከተማ ኣስመራ ናእሽቱ ኣብያተ ትምህርቲ ብምኽፋት ዓለማዊ ትምህርቲ ተጀመረ። ካብኡ ብ31 ጥሪ 1909 ፈ. ብዛዕባ ዘመናዊ ትምህርቲ ዝምልከት ዕላዊ መምርሒ ንሱ'ውን ንደቀ'ባትን ንጸዓዱን ሌላን ጕሌላን ዘለዎ ፈላላዪ ስርዓተ ትምህርቲ መንግስታዊ ኣዋጅ መግዛእቲ ኢጣልያ ወጸ።

ክሳዕ'ዚ ዘመን'ዚ ዘጽንሖትን ናብዚ ዘመናዊ ትምህርቲ ዘሰጋገረትን እምበኣር በይና ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ኢያ። ሕጂ'ውን ብናይ ቀደም መልክዑ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኣሎ።[14]

## ላዕለዋይ መሪሕነት (ጵጵስና) ግብጻውያን
## ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ

ድሕሪ ኣቡነ ሰላማ ከሳቴ ብርሃን (330-380) ክነታት ሸመተ ጵጵስና፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ (ኤርትራ ወኢትዮጵያ) ብፍላይ ክሳዕ መበል 12 ዘመን፡ ሕልኽልኽ ዝበለ ኾይኑ ይርከብ። ንኣቡነ ሰላማ ዝተክኡ ጳጳሳት ሓበሻ ይኹኑ ግብጻውያን

[14] H.S.S.E. p. 1-13. * E.B.I.S.E.T.H. p. 237. * Ch.E.P.H.S.L. p. 90-94. * ት.ኤ. ገጽ 5-7፡ 69።* C.E. vol. 3 p. 997-998.* E.C.H. pp. 232-238,240-242,262-263.

ኣይተነጸረን፡ እንተ ጳጳሳት፡ እንተ መነኮሳት ግብጻውያን መራሕቲ ሃይማኖት ይመጹ ምንባሮም ግን ጽሑፋት ይገልጹ።

ካልእ ሕቶ ኣብ ሓደ እዋን ክንደይ ጳጳሳት ይሸየሙ ነይሮም፡ ዝብል ኮይኑ፡ ቅድሚ ሻዱሻይ ዘመን ብዕልን ድሕሪኡ'ውን ሓሓሊፉን ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣብ ሓደ እዋን ጳጳሳት ምንባሮምን ከም በዓል ኣዱሊስ ዝበላ ዓበይቲ ኸተማታት ጳጳሳት ዝቐመጡወን መናብርተ ጵጵስና ከም ዝነበራን ብመጻሕፍተ ብራናታትና ይግለጽ ብታሪኽ ይረጋገጽ።

ኣብ ጥንተ ታሪኽ ክርስትና ኣብ ምድረ ኑብያን (ሱዳን) ሓበሻን 7-10 ዝኾኑ ጳጳሳት ኣብ ሓደ እዋን ምሽያም ብወግዒ ወይ ብተለምዶ ንቡር ኮይኑ ዝካየደሉ ዘመናት ከም ዝነበረ'ውን ይትረኽ። ክርስትና ኣብ ምድሪ ሓበሻ ምስ ኣስፋሕፍሐ፡ ብውሑዱ፡ ብ4 ጳጳሳት ዝምርሓ 4 ሃገረ ስብከታት ክነብራ ኽለዋ ካብኣን ሓንቲ እዛ ፈለማ ክርስትና ዝተመስረተላን ናብ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ'ውን ዘሰጋገረትን ጥንታዊት ከተማ ኣዱሊስ ነበረት።[15]

ኣብ ሓሙሻይ ዘመን፡ ዝነበረ ጸሓፌ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ጳላድዮስ (368-430 ፈ.) ንህንዲ ክኸይድ ከሎ ንእግረ መገዱ ናብ ኣዱሊስ ኣላጊሱ ኣብ ዝጸንሓሉ ጊዜ ኣቡን ሙሴ ዝበሃሉ ጳጳስ ኣዱሊስ ከም ዝነበሩ፡ ናብ ህንዲ ምስ ተበገሰ ኸኣ፡ ተተሓሒዞም ምስኡ ከም ዝኸዱ ይጠቅስ እሞ ዝጽሕፎ ዝነበረ ታሪኽ፡ ኣብ ዝፍጽመሉ እዋን ግን ድሮ ከም ዝዓረፉ ይነግር። ካልእ ጥቕሲ ታሪኽ'ውን ኣቡን ሙሴ ጳጳስ ኣዱሊስ ብ412 ፈ. ኣቢሎም ብሕይወት ነይሮም ይብል።[16]

ብኻልእ መዳይ ሰዘመኑስ ዝተባህለ ማእምረ ታሪኽ ኣብ ናይ ቤተ ክርስቲያን ታሪኽ ጽሑፉ፡ ፓትርያርካት እስክንድርያ ግብጻውያንን ህንዳውያንን ጳጳሳት ኣኽቲሎም ኣብ ራብዓይ ሓሙሻይ

15 Ch.E.P.H.S.L. p. 9.

16 The Spri t and the BRIDE A MANUAL OF CHURCH HISTORY BOOK ONE Addis Abeba 1994 p. 145.





ዘመን ዝነበሩ ዓበይቲ ጉባኤታት ኣብያተ ክርስቲያን ዓለም ይካፈሉ ከም ዝነበሩ ዝገልጸ፡ ህንዲ (ህንደኬ) ዝብል ብርዱእ ነገር ምድረ ሓበሻ ከም ዝኾነ ዘረጋግጽ እታ ቀንዲ ሃገረ ህንዲ ንባዕላ ካብ መሪሕነት መንበረ ፓትርያርክ እስክንድርያ ወጻኢ፡ ኣብ ትሕቲ መንበረ ፓትርያርክ ኣንጾኪያ (ሶርያ) ኢያ እትመሓደር ነይራ፡ ይብሉ ተንተንቲ ታሪኽ።

ሩፊኖስ ጸሓፌ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን'ውን እኮ ኣባ ሰላማ ጳጳስ ህንዲ ኮይኑ ተሸይሙ መጸ። ኣብ ህንዲ ኸኣ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያን ተኸለ ክብል ዝጸሓፎ፡ ደሓር ኢዩ ምድረ ሓበሻ ምዃኑ ዝተነጸረ።[17]

ብዘይካ'ዚ ጸሓፍቲ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ዓለም ዝገልጽዎ ነጥቢ ብ451 ፈ. ኣብ ዝተገብረ ጉባኤ ኬልቄዶን ዝተሳተፉ ኣብ መንጎ ዝርዝር ኣስማት እስክንድርያውያን ጳጳሳት ሓደ ናይ ኣዱሊስ ጳጳስ ተመዝጊቡ ጸኒሑዝብል ታሪኽ ይርከብ።[18]

ተመራማሪ ቹዕታ ክርሰ ምድር፡ ኢጣልያዊ ፓሪበኒ (Pari-beni) ኸኣ ኣብ ኣዱሊስ ኣብ ዝገበሮ ቹዕታ (1906 ፈ.) ሓደ ብመሬት ዝተሰርሐ መቐመጢ መብራህቲ ምስ ሓደ ብጃንቋን ንጹር ፊደልን ግሪኽ ዝተጻሕፈ "ኣባ ዮሴፍ ጳጳስ ኣዱሊስ" ዝብል ናይ ሓሙሻይ ዘመን እብነ በረድ ረኺበ።[19]

ኣቡነ ሰላማ ከሳቴ ብርሃን ኣብ ራብዓይ ዘመን ካብ መንበረ ማርቆስ እስንድርያ ጵጵስና ተሸይሞም ካብ ዝመጹ ኣትሒዙ ፓትርያርካት ግብጺ፡ ካብ መነኮሳቶም ሓርዮም፡ ጳጳሳት እናሾሙ ናብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ክልእኩ ባህላዊ ግድነት ኮይኑ ጸንሐ። ኣውራ ኸኣ ካብ ክፍላ ታሽዓይ ዘመን ንነጀው፡ ኵሉ ጉዳያት ጳጵስና፡ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ

17 A.M.E.H. p. 99.

18 A.M.E.H. p. 110.

19 R. paribeni, Recerche Nel luogo dell, antica Adulis (Roma 1907 pp. 409-500)

ምክትታልን ሓላፍነትን ፓትርያርክ ግብጺ ኾነ። [20]

ብመሰረት'ዚ ኣብ መንጎ ኣብያተ ክርስቲያን ግብጽን ሓበሻን ስምምዕ ክሳዕ ዝተበጽሓሉን ባዕለ ምምሕዳር ዝተረኸበሉን ሓምለ 1948 ፈ. ጳጳሳት፡ ኣብ ምልኣኽ ናይ ምቕልጣፍን ምድንጓይን ናይ ምብዛሕን ምውሓድን ስልጣን ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ጥራሕ ዝውስኖ ኾይኑ ኣብ ምምጻእ ጳጳሳት ጸገም የጋጥም ነበረ።

እቲ ምኽንያት መሰረቱ ኣብ ጥንተ ቤተ ክርስቲያን ዓለም ኣብ ገሊኣን ሃገራት ብሓደ ሓደ መራሕቲ ሃይማኖት ካብቲ ሱር መንበረ ፓትርያርክናኦም ብምፍላይ ምምቕቓልን ምፍልላይን፡ መኸወሊ መናፍቓን ናይ ም ኻንን ዝዓይነቱ ዝተራእየ ስርዓተ ኣልቦ፡ ዳግም ንኸይክሰት ንምክልኻል ተባሂሉ ዝኾነት ሃገር ፈለማ ክርስትና ብዝተቐበለትሉ ሓዋርያዊ መንበር ተመሪሓ ክት ክይድን ብዚይ ብቑዕ ምኽንያት ካብ ማእከልነት ክርስትና ዝተቐበለትሉ መንበረ ፓትርያርክና ከይትፍለን ብምሕሳብ ሓድነት ቤተ ክርስቲያን ዘጽንዕ ውሳኔ ኣብቲ ዓቢይ ጉባኤ ኣብያተ ክርስ ቲያን ዓለም (ጉባኤ ኒቅያ 325 ፈ.) ተመሓላለፈ።

ነዚ መሰረት ብምግባር ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ምናዳ ካብ ማእከላዊ ዘመነ ታሪኽ ንነጀው ሽመተ ጵጵስና ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ኣጥቢቓ ሓዘቶ። ስመ ኢትዮጵያን ሓቀይና ትርጉም ናይቲ ጥቕሲ ምስቲ ዝተጻሕፈሉ ጊዜን ክነጻጸር ከሎ ኣካታዒ ነጥብ'ኳ እንተለዎ፡ ሓበሻ፡ ጳጳሳት ከይሾሙ ዝኽልክል ውሳኔ ከም ዘሎ ኢዩ ክግለጽ ጸኒሑ። እቲ ጥቕሲ "ኢይሢሙ ኢትዮጵያ፡ ጳጳሰ እምጠቢባኒሆሙ ወኢበፈቃደ ርእሶሙ እስመ ጳጳሶሙ ይከውን እምታሕተ እዴሁ ለበዓለ እስክንድርያ፡" "ኢትዮጵያውያን ጳጳ ሶም ኣብ ትሕቲ በዓል እስክንድርያ ስለ ዝኾነ ካብ ለባማቶም ብገዛእ ፍቓዶም ጳጳስ ኣይሸሙ" ዝብል ነበረ። እዚ ኣብቲ ፍትሓ ነገሥት ዝብሃል መጽሓፍ'ውን ከም ዝሰፍር ተገብረ።[21]

---

[20] Ch.E.N.Ch.M. p. 15.

[21] መጽሓፈ ሲኖዶስ ብራና ዓንቀጽ (ትእዛዝ) 42። * I.E. p. 24.





<u>ኢትዮጵያ፡</u> ብቛንቋ ግሪኽ ኢትዮጵያ ማለት "ኢቶስ" ዋዒ "ኦፕስስ" ገጽ ኮይኑ መግለጺኡ፡ ዝሓረረ፡ ዝነደደ፡ ዝተቓጸለ፡ ንሰብ ሓረሮ ገጽ፡ ጸሊም ከደራይ፡ ንቦታ ምድረ ሓሩር ቦታ፡ ዋዒ፡ ቆላ፡ ምድረ በዳ፡ በረኻ ምኻኑ የመልክት።[A]

መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን፡ ናብ ቋንቋ ግሪኽ ዝተርጎሙ ሰብዓ (70) ሊቃናት (LXX = Septuagint = 285 ቅ.ል.ክ) ነቲ ብዕብራይ ስጢ "ኩሽ" ዝብሎ ቃል "ኢትዮጵያ" ኢሎም ተርጎሙዎ። ብኸምዚ ድማ ካብ ግሪኽ ዝተተርጎሙ ጽሑፋት "ኢትዮጵያ" ካብ ዕብራይስጢ ዝተቐድሑ ትርጉማት መጻሕፍቲ "ኩሽ" ክብሉ ይርከቡ።[B]

ጥንታውያን ግሪኻውያን፡ ካብ ኣህጉረ ኣፍሪቃ ንምዕራብ ግብጽን ንሰሜን ኣፍሪቃን "ሊብያ" ንደቡብ ግብጽን ንምብራቕ ኣፍሪቃን "ኢትዮጵያ" ኢሎም ይጽውዑዎ ነበሩ።

መጽሓፍ ቅዱስ'ውን ንሕዝብን ምድርን ኢትዮጵያ ምስ ግብጺ፡ ከምኡ ድማ ምስ ሊብያ ኣተሓሒዙ ይገልጾ።[C]

ብኣገላልጻ ግሪኻውያንን ብኣተሓሳስባ ደረስቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መዋዕለ ጽሒፈት ብሉይ ኪዳንን፡ እቲ ቐንዲ ኢትዮጵያ ዝብ ሃል ዝነበረ ካብ ግብጺ ንደቡብ ኣቢሉ ክሳብ መጸናብሮ ጻዕዳን ጸሊምን ኣፍላጋት ኒል ዝዝርጋሕ ሃገርን መንግስትን ከም ዝኾነ የረድእ። ብዙሓት ጽሑፋት ግሪኽ ድማ ናብ ምብራቕ ሱዳን

---

* ኢ.ኦ.ተ.ቤ.ክ.ታ. ገጽ 116። * ኣ.ቤ.ክ.ታ. ገጽ 28፡ 30።
* ፍትሓ ነገስት

[A] መ.ሰ.ወግ.ወመ.ቃ.ሓ. ገጽ 00። * ኢ.ኦ.ተ.ቤ.ክ.ታ. ገጽ 14። ኢ.ታ. ገጽ 8።

[B] መ.ሰ.ወግ.ወመ.ቃ.ሓ. ገጽ 13። ኢ.ታ. ገጽ 45።

[C] H.C.Ch.E. p.1. *2 ዜና. መ. 12፡1-3። 16፡8። መዝ. 68፡3። ኢሳ. 20፡3። 5፡6። ሕዝ. 20፡4-5። ዳን. 11፡43። ናሆ. 3፡9።

የተኾሩ።[D]

ኣብነት፡-

1. "ንግብጺ ካብ ሚግዶል (ኣብ ሰሜናዊ ግብጺ ዝነበረ ዕርዲ ክሳብ ሴኔን (ኣስዋን፡ ኣብ ደቡባዊ ግብጺ ጥቓ ዶብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ኸተማ) ክንዮኡ ክሳብ ዶብ ኩሽን (ኢትዮጵያ) ባድምን ምድረ በዳን ክገብራ ኢየ።[E]
2. ኣብዚ ኸልል መዓሙቖ ኣፍላጋት ኒል ዝነብሩ ኩሻውያ ንን ገለ ኽፋል ካብ ሕዝበ ኣይሁድን ኮይኖም ክል ሎም ""ሃገረ ኩሽ" ቋንቋኦም "ኩሻዊ" ይብሃል።[F]
3. ኣብ ምድረ ሲኒም (ደቡብ ግብጺ ናይ ሎሚ ኣስዋን) መሳፍሮ ኣይሁድ ዝኾነ ኸተማ ወይ ዓቢይ ማሕበረ ሰብ (ኮም) ኣይሁድ ነበረ።[G]
4. "ህንደኬ ንግሥተ ኢትዮጵያ" (ግብ ሓዋ 8፡27።) ዝብሎ ኣብ ከባቢ ቀዳማይ መንጫዕጫዕታ ኒል ዝርከብ ምድረ ኑብያ ወይ ሱዳን ኮይኑ ትርጉሙ፥ ንግስቲ ወይ ከኣ ንግስታዊት ኣደ፡ ኢትየ ብዘስምዕ መዓርገ ህንደኬ (ኩሻዊ ቛንቋ) ዝተላበሳ ንግስታት ብባዕለን ወይ ብደቀን ይመሓደር ነበረ።[H]

እቲ ናይ ንግስቲ ኖባ (ኑብያ) ስሉብ በዓል ስልጣን ንሱዳናውያን (ኩሻውያን) ክርስትና ሰበኸ።[I]

[D] ኢ.ኦ.ተ.ቤ.ክ.ታ. ገጽ 15። መ.ቅ.መቃ. ገጽ 150። ዮዲ.1፡10።
* C.E.A. P. 108.

E ሕዝ. 29; 10 ። * H.B.N.I.V. p. 492 * N.J.B. p. 1443.

[F] The Coniciese Oxford Dectionary p. 332. Holy Bible New International Verssion 1983 p. 492.

[G] ኢሳ. 49፡12። * N.J.B. p. 1267. * G.N.B. Foot note Is. 49:12.

[H] N.J.B.P. 1813. ፍሬዱ ገጽ 64። * G.H.A. vol. 2 p. 246-252.

[I] መ.ሰ.ወግ.ወ.መ.ቃ.ሓ. ገጽ 10። * ኢ.ታ. ገጽ 98።





እዚ ደቡብ ግብጺ ዞባ ፈለገ ኒል ከምኡ ኢሉ ንምድረ ኩሽ ንግስነት ናፓታን መሮዌን ዘጠቓልል ኢትዮጵያ ተሰጋጊሩ ዕላዊ መጸውዒ ምድረ ሓበሻ ካብ ዝኸውን ግን ነዊሕ መዋዕል ኣይኮነን።[J]

በዚ ኸምዚ፡ ሓበሻ፡ ጳጳስ ክሸየምን ክሽይምንስ ይትረፍ፡ ግብጻውያን ጳጳሳት፡ ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ምሻም'ውን ኣብ ሰናይ ፍቓድ መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ዝተመስረተ ስለ ዝነበረ ኵሉ ሳዕ ከምቲ ክኸውን ዝግብኦ ኣይፍጸምን። ኣብ ርእሲኡ ሓደ ጳጳስ ሓሊፉ ካልእ ክሳዕ ዝትካእ ዓመታት ብዘይ ጳጳስ ይኸየድ ብምንባሩ ምናዳ ድሕሪ ዕንወት ኣዱሊስን ምቕይያር ኣፍ ደገታት ቀይሕ ባሕርን፡ ርክብ ግብጸ ሓበሻ ብመገዲ ባሕሪ ኣብ መንጎ እናተቛረጸ ጳጳስ ንምምጻእ ዝነበረ ጥርዓንን ምሕጽንታን እንታይ ክብሃል።[22]

ብዝኾነ ዝመጹ ዝነበሩ ግብጻውያን ጳጳሳት ብመሬት ብምድረ ኑብያ (ሱዳን) ብጃልባ ኸኣ ብቐይሕ ባሕሪ ኣቢሎም ምስ ኣተዉ ኣብ ኤርትራ እናተቐመጡን እናተዘዋወሩን ካብ ሓደ ኸልተ ዝበዝሑ እንተ ኾይኖም'ውን ክፉሎም ንነዊሕ ጊዜ ብቐዋምነት እናነበሩ ካብኡ ናብ ኢትዮጵያ ተሳጊሮም እናተንቀሳቐሱ፡ ቡራኬ መዓርጋተ ቤተ ክርስቲያን ይህቡ ነበሩ። ድሕሪ ኣዱሊስ ከም በዓል ባረክናሃ፡ ሃገር (ናኾፋ) ዳምባ ምጭ (ደቡብ ደቂ ድግና) ኣስመራ ድባርዋ... ጳጳሳት ይቕመጡወን ከም ዝነበሩ በብኣጋጣሚታቱ ተጠቒሱ ኣሎ።[23]

[J] C.H.A. vol. 2 p. 223.

[22] ቤ.ክ.ታ. በመ. ዘ. ገጽ 18-19።

[23] F.G.S.E. p. 18. * ኣልቫሬዝ 1520 ፈ. ምዕ. 21።

ሓደ ኣብነት ንምቕራብ፡

"መጽአ ካዕበ ሕሊና ለቅዱስ አቡነ ብፁዓ አምላክ ወይቤ አንሰ እሠየም ካህነ ዘእንበለ ይሑሩ ጳጳሳት ምድረ አምሐራ እምነ ምድርነ ... ወእምድኅረ ዝንቱ፡ ሖረ ውስተ ምድረ ሠራዌ ዘትሰመይ ዳንባ ደቡብ ወረከቦሙ ህየ ለአቡነ ይስሐቅ ወለካልአኒሁ ወተሠይመ ሢመተ ክህነት ...

ድሕሪ ሽመት ዲቁና "ንኣቡነ ብጹዓ ኣምላክ፡ ከም ብሓድሽ ሓሳብ መጾ'ሞ 'ኣነሲ እዞም ጳጳሳት ካብ ምድርና ዘቢሎም ናብ ምድረ ኣምሓራ ከይከዱ ኽለዉ ደኣ ክህነት ክሸየም' በለ። ካብኡ ናብ መሬት ሰራየ ዳምባ ደቡብ እትብሃል ከደ። ኣብኡ ድማ ንኣቡነ ይስሓቕን ብጾቶምን (ጳጳሳት) ረኺቦም። ሽዑ ሽመት ክህነት ተሸመ።[24]

ኣቡን ይስሓቅ ዳግማዊ (መትሮጶሊስ፡ ሊቀ ጳጳስ) ኣቡን ማርቆስ ጳጳስ ኣቡናት ሚካኤልን ዮሓንስን ኤጲስቆጶሳት ኣባ ዮሴፍ ቆሞስ (ርእሰ ካህናት (መነኰሳት) ሓሙሽቲኦም ብ1473/4 ግ (1481/2 ፈ.) መጺኦም ኣብ ዳምባ ምጭ ይቕመጡ ምንባሮም ኣብ መጻሕፍት ታሪኽ ተመዝጊቡ ይርከብ።[25]

ዘመነ ሽመት ግብጻውያን ጳጳሳት ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻን መዋዕለ ፓትርያርካት ግብጽን ኣብ ምንጽጻር ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ዓቢይ ቁም ነገር ኣለዎ።

---

[24] ገድለ ብፀዓ አምላክ ብራና።
[25] C.E. vol. 3 p. 1015.





## ፓትርያርካት ግብጽን መዋዕሎምን

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ማርቆስ | 43-68 | 31.ዲዮስቆሮስ ካልኣይ | 515-517 |
| 2.ኣንያኖስ | 68-85 | 32.ጢሞቴዎስ ሳልሳይ | 517-535 |
| 2.ሚልዮስ | 85-98 | 33.ታውዳስዮስ ቀዳማይ | 535-567 |
| 4.ክርዳኑ | 98-109 | 34.ጴጥሮስ ራብዓይ | 567-569 |
| 5.ኣብርዮምስ | 109-122 | 35.ድምያኖስ | 569-605 |
| 6.ዮስጦስ | 122-130 | 36.ኣንስጣስዮስ | 605-616 |
| 7.ኣውማኑዮስ፡ | 130- 142 | 37.እንድራኒቆስ | 616-622 |
| 8.መርክያኖስ | 143-154 | 38.ብንያሚን ፩ይ | 622-661 |
| 9.ክላድያኖስ | 157-167 | 39.ኣቃለ፡፡ ያቃቴ | 661-677 |
| 10.ኣክርጵዮስ | 167-180 | 40.ዮሓንስ ፫ይ | 677-686 |
| 11.ዮልዮስ | 180-189 | 41.ይስሓቅ | 686-689 |
| 12.ድሜጥሮስ ፩ይ | 189-231 | 42.ስምዖን ቀዳማይ | 689-701 |
| 13.ያሮክላ | 231-247 | 43.እለእስክንድሮስ ካልኣይ | 705-730 |
| 14.ዲዮናስዮስ | 247-264 | 44.ቆዝሞስ ቀዳማይ | 730-731 |
| 15.መክሲሞስ | 264-282 | 45.ቴዎድሮስ | 731-743 |
| 16.ቴዎናስ | 282-300 | 46.ሚካኤል ቀዳማይ (ሂኢል) | 743-744 |
| 17.ጴጥሮስ ቀዳማይ | 300-311 | 47.ሚናስ ቀዳማይ | 767-774 |
| 18.ኣኪላስ | 311-312 | 48.ዮሓንስ ራብዓይ | 775-799 |
| 19.እለእስክንድሮስ | 312-326 | 49.ማርቆስ ካልኣይ | 799-819 |
| 20.ኣትናቴዎስ ፩ይ | 326-373 | 50.ያዕቆብ | 819-830 |
| 21.ጴጥሮስ ካልኣይ | 373-380 | 51.ስምዖን ፪ይ | 830- 830 |
| 22.ጢሞቴዎስ ፩ይ | 380-385 | 52. ዮሳብ (ዮሴፍ) | 830-849 |
| 23.ቴዎፍሎስ | 385-412 | 53.ሚካኤል ካልኣይ (ሂኢል) | 849-851 |
| 24.ቄርሎስ ቀዳማይ | 412-444 | 54.ቆዝሞስ ካልኣይ | 851-858 |
| 25.ዲዮስቆሮስ | 444-458 | 55.ስንትዩ ቀዳማይ | 858-880 |
| 26.ጢሞቴዎስ ፪ይ | 458-480 | 56.ሚካኤል ሳልሳይ | 880-907 |
| 27.ጴጥሮስ ሳልሳይ | 480-488 | 57.ገብርኤል | 909-920 |
| 28.ኣትናቴዎስ ፪ይ | 488-494 | 58.ቆዝሞስ ሳልሳይ | 920-932 |
| 29.ዮሓንስ ቀዳማይ | 494-503 | 59.መቃርስ ቀዳማይ | 932-952 |
| 30.ዮሓንስ ካልኣይ | 503-515 | 60.ታውፋኔዎስ | 952 - 956 |

| | |
|---|---|
| 61.ሚናስ ካልኣይ | 956-974 |
| 62.ኣብርሃም | 975-978 |
| 63.ፊላታዎስ | 970-1003 |
| 64.ዘካርያስ | 1004-1032 |
| 65.ስንትዩ ካልኣይ | 1032-1046 |
| 66.ገብረ ክርስቶስ | 1047-1077 |
| 67.ጌርሎስ (ቄርሎስ) ካልኣይ | 1078-1092 |
| 68.ሚካኤል ራብዓይ | 1092-1102 |
| 69.መቃርዮስ ካልኣይ | 1102-1128 |
| 70.ገብርኤል ካልኣይ | 1131-1145 |
| 71.ሚካኤል ሓሙሻይ | 1145-1146 |
| 72.ዮሓንስ ሓሙሻይ | 1147-1167 |
| 73.ማርቆስ ሳልሳይ | 1167-1189 |
| 74.ዮሓንስ ሻዱሻይ | 1189-1216 |
| 75.ቄርሎስ ሳልሳይ | 1235-1243 |
| 76.ኣትናቴዎስ ሳልሳይ | 1250-1261 |
| 77.ዮሓንስ ሻብዓይ * | 1262-1268 |
| 78.ገብርኤል ሳልሳይ | 1268-1271 |
| 79.ታውዳስዮስ ካልኣይ | 1294-1300 |
| 80.ዮሓንስ ሻሙናይ | 1300-1320 |
| 81.ዮሓንስ ታሽዓይ | 1320-1327 |
| 82.ብንያሚን ካልኣይ | 1327-1339 |
| 83.ጴጥሮስ ሓሙሻይ | 1304-1348 |
| 84.ማርቆስ ራብዓይ | 1349-1363 |
| 85.ዮሓንስ ዓስራይ | 1363-1369 |
| 86.ገብርኤል ራብዓይ | 1370-1378 |
| 87.ማቴዎስ ቀዳማይ | 1378-1409 |
| 88.ገብርኤል ሓሙሻይ | 1409-1427 |
| 89.ዮሓንስ 11 | 1427-1452 |
| 90.ማቴዎስ ካልኣይ | 1452-1462 |
| 91.ገብርኤል ሻዱሻይ | 1466-1475 |
| 92.ሚካኤል ሻዱሻይ | 1476-1478 |
| 93.ዮሓንስ 12 | 1479-1482 |
| 94.ዮሓንስ 13 | 1484-1524 |
| 95.ገብርኤል ሻብዓይ | 1525-1568 |
| 96.ዮሓንስ 14 | 1570-1585 |
| 97.ገብርኤል ሻሙናይ | 1586-1601 |
| 98.ማርቆስ ሓሙሻይ | 1602-1618 |
| 99.ዮሓንስ 15 | 1619-1634 |
| 100.ማቴዎስ ሳልሳይ | 1634-1649 |
| 101.ማርቆስ ሻዱሻይ | 1650-1660 |
| 102.ማቴዎስ ራብዓይ | 1660-1675 |
| 103.ዮሓንስ 16 | 1676-1718 |
| 104.ጴጥሮስ ሻዱሻይ | 1718-1726 |
| 105.ዮሓንስ 17 | 1726-1745 |
| 106.ማርቆስ ሻብዓይ | 1745-1769 |
| 107.ዮሓንስ 18 | 1769-1796 |
| 108.ማርቆስ ሻሙናይ | 1796-1809 |
| 109.ጴጥሮስ ሻብዓይ | 1809-1852 |
| 110.ቄርሎስ ራብዓይ | 1854-1861 |
| 111.ድሜጥሮስ 2ይ | 1862-1870 |
| 112.ቄርሎስ ሓሙሻይ | 1874-1927 |
| 113.ዮሓንስ 19 | 1928-1942 |
| 114.መቃርዮስ ሳልሳይ | 1944-1945 |
| 115.ዮሳብ ካልኣይ | 1946-1956 |
| 116.ቄርሎስ ሻዱሻይ | 1959-1971 |
| 117.ሲኖዳ ሳልሳይ | 1971- |





መወከስ ናይ'ዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ፓትርያርካት ግብጺ፡ ስንክሳር ነናይ ወርሖ፡ መጽሓፈ ቅዳሴ ባስልዮስን Coptic Encyclopedia vol. 6 pp. 1913-1919 ተመልከት።

## ግብጻውያን ጳጳሳት ኣብ መሪሕነት ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ

| <u>ኣቡን (ጳጳስ)</u> | <u>ዓ.ም.ፈ.</u> |
|---|---|
| ሰላማ ከሳቴ ብርሃን (ፍሬምናጦስ) | 330-380 |
| ሚናስ | ሓሙሻይ ዘመን |
| ሙሴ ጳጳስ ዘኣዱሊስ | ሓሙሻይ ዘመን ብ412 ፈ. ብሕይወት ነይሮም |
| ኤልያስ | ሓሙሻይ ዘመን |
| ዮሴፍ ጳጳስ ኣዱሊስ | ሓሙሻይ ዘመን |
| ቆዝሞስ | ሻዱሻይ ዘመን[a] |
| ቄርሎስ | ድሕሪ 622 - [b] |
| በርናባስ | 700 ኣቢሉ ኣብ ሰሜን ኤርትራ ነይሮም [c] |
| ዮሓንስ | ድሕሪ 830 [d] |
| ጴጥሮስ | ድሕሪ 920 ንጴጥሮስ ከቕይሩ፡ ሚናስ ወፈቅጦር ጳጳሳት ኢሎም መጺኦም ምስ ተፈልጡ ሃዲሞም። |
| ሰላማ * (ዘኣዜብ) | 950 ኣቢሉ [e] |
| ዳንኤል | ድሕሪ 979 [f] |
| ሳዊሮስ | ድሕሪ 1078 [g] |

---

[a] A.M.E.H p. 193 [b] A.M.E.H. p.237
[c] A.M.E.H. p. 196 [d] ኢ.ቤ.መ.ቃ. "ዮ" ገጽ 93
[e] A.M.E.H. p 232 [f] A.M.E.H. p. 242 * E.C.H. p. 288
[g] C.E. vol. 3 p. 999-1042

| | |
|---|---|
| ጊዮርጊስ ቀዳማይ | ድሕሪ 1092 [h] |
| ሚካኤል ** | ድሕሪ 1102 |
| ኣትናቴዎስ | 1130 ኣቢሉ |
| ሚካኤል ቀዳማይ | ድሕሪ 1147 |
| ሚካኤል ካልኣይ | ድሕሪ 1189 ምስ ቃለ ጳጳስ እንድርያስ፥ ኢጲስ ቆጶሳት ዕዝራ ፥ይርዳእ ሚካኤል፥ ሳሙኤል ኣብ 1209 ነበሩ። [i] ፱ |
| ይስሓቅ ቀዳማይ | ሰንበት 7 መጋቢት 1210 ፈ ይስሓቅ ጳጳስ ዮሴፍ ኮሬ ኢጲስ ቆጶስ ተሸይሞም መጹ። |
| ዳውድ (ዳዊት) | 13 ዘመን ዳሕራይ ቄርሎስ ሳልሳይ ተባሂሎም ፓትርያርክ ግብጺ (1235-1243) ኮኑ ይብሃል። |
| ጊዮርጊስ ካልኣይ | 13 ዘመን ምስ ቃለ ጳጳስ ኣብት ኢጲስቆጶስ ኃረዮ ኣብ 1225 ፈ. ነበሩ [j] |
| ክርስቶደሎስ (ክርስቶዶሉ) | ቅድሚ 1268 [k] |
| ቄርሎስ (ጌርሎስ) ቀዳማይ | ድሕሪ 1270 ድሕሪ ቄርሎስ ሶርያውያን መጺኦም ግን ብኡ ብኡ ብግብጻዊ ተተክኡ።[l] |
| ዮሓንስ ካልኣይ | ድሕሪ 1310 |
| ያዕቆብ | 1337-1344 ምስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ተዛተዩ፥ ካብ ሕርጊጎ ክሳብ ሰራየ መዓርጋት እናሃቡ ተዘዋወሩ። [m] |
| ሰላማ ካልኣይ | 1348-1388 (መተርጕም) ብርሃን ኣዜብ ድሕሪ ሰላማ ብሓደ ወገን ብንያም፥ ብኻልእ ፈቅጦር ነይሮም ይብሃል። |
| በርተሎሜዎስ | 1398-1436 |

[h] A.M.E.H p. 250
[i] ወንጌለ ወርቅ ብራና ደ/ሊባኖስ ኣሃም
[j] ወንጌለ ወርቅ ብራና ደብረ ሊባኖስ
[k] A.M.E.H p. 284
[l] CH.S.E. p. 228
[m] C.H.A. p. 158 * ገድለ ኤዎስጣቴዎስ





| | |
|---|---|
| ሚካኤል ሳልሳይ | 1439-1480 ምስ ጳጳስ ገብርኤል ኤጲስቆጶስ ዮሓንስ ኣብ ዘመኖም ብ1442 ተኣምረ ማርያም ተተርጐመ ብ1450 ክርክር በዓለ ቀዳመ ሰንበት ኣብቅዐ። |
| ይስሓቅ ካልኣይ | 1481 ይስሓቅ መትሮፖሊስ (ሊቀ ጳጳስ) ማርቆስ ጳጳስ ተተኪኡ. ሚካኤል ወዮሓንስ ኢጲስ ቆጳሳት ዮሴፍ ቆሞስ ብሓባር መጹ። |
| ማርቆስ ቀዳማይ | 1481-1530 ንማርቆስ ክትክኡ ገዘመጹ ኣቡነ ያዕቆብ ቀዲሞም ዓረፉ። [n] ኣቡነ ማርቆስ ብ1520ታት ኣብ ድባርዋ ተቐሚጦም ነበሩ። |
| ዮሳብ (ኢ.ዮሳብ) | 1546-1599 ኣቢሉ |
| ጴጥሮስ ካልኣይ | 1562-1570 ተሓጋጋዚ ኣቡነ ዮሳብ ጸኒሖም ተሸሙ። |
| ማርቆስ | 1576-1588 |
| ክርስቶዶሉ ቀዳማይ | 16 ዘመን |
| ጴጥሮስ ሳልሳይ | ብ1607 ዓረፉ |
| ስምዖን | 1608-1617 ኣቢሉ |
| ማርቆስ ሳልሳይ | 1635-1648 |
| ዮሓንስ | 1648 ኣቢሉ |
| ሚካኤል ራብዓይ | 1649 ኣቢሎም መጹ። |
| ክርስቶዶሎስ ካልኣይ | 1663-1670 |
| ሲኖዳ | 1671-1699 |
| ማርቆስ ራብዓይ | 1699-1716 |
| ክርስቶዶሎስ ሳልሳይ | 1720-1735 |
| ዮሓንስ ሳልሳይ | 1744-1761 ኣቢሉ |
| ዮሳብ ካልኣይ | 1770-1803 |
| ቄርሎስ ካልኣይ | 1815-1828 |

[n] C.E. vol. 3 p. 1415-1416. * vol. 4 p. 1015 * ኣል ኸሬዝ ምዕ. 21።

| | |
|---|---|
| ሰላማ ሳልሳይ | 1841-1867 |
| ኣትናቴዎስ | 1869-1876 |
| ጴጥሮስ ራብዓይ | 1883-1921 ንቤት ክርስቲያን ሓበሻ 4 ጳጳሳት ክም ዘድልዩዋ፡ ብመሪሕነት ፓትርያርክ ቄርሎስ ሓሙሻይ ቅዱስ ሲኖዶስ ግብጺ ምስ ወሰነ ብ1883 ኣቡነ ጴጥሮስ መትሮፖሊስ (ሊቀ ጳጳስ)፡ ኣቡነ ማቴዎስ፡ ኣቡነ ማርቆስ፡ ኣቡነ ሉቃስ መጹ። |
| ማቴዎስ | 1883-1926 |
| ቄርሎስ ሳልሳይ | 1929-1950 |

ኣብዚ መሪሕነት ግብጻውያን ጳጳሳት ኣብቲዑ ብሓበሻ ተተክአ።[o]

ብዝኾነ ስልጣነ ጵጵስና ግብጻውያን፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ (ኤርትራ ወኢትዮጵያ) ንልዕሊ 1600 ዓመታት ምስ ጸንሐ ኣብ መፋርቕ መበል 20 ዘመን፡ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ናይ ባዕላ ስልጣነ ጵጵስና ክፍቀደላ ሊቃውንተ ግእዝ ጉባኤ ገይሮም፡ ብኣፍን ብጽሑፍን ምስ ሲኖዶስ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ተዛራረቡ። ድሕሪ ብዙሕ ክርክር ብዘበለ ኣቢሉ እቲ ሕቶ ቅቡል ምስ ኮነ ብ31 ግንቦት 1929 ፈ. ንፈለማ ጊዜ ሓበሻ ጳጳሳት ክሸየሙ፡ ቅዱስ ሲኖዶስ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ወሰነ።

ሽዑ፡ ብዛዕባ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡ ሕቶ ተላዒሉ፡ ስምዒት እዞም ንፍርቂ ሕዝበ ኤርትራ ዝውክሉ ክርስቲያን ኣብ ግምት ዘእተወ ኣብ መንጎ ልኡኽ መንግስቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ካይሮን ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ዮሓንስ ፓትርያርክ ግብጽን ብ7ሰነ 1929 ፈ. ተሓቲሙ ዝወጸ (ጀኔራለ ዲ ኦርየንተ Generale d' Oriente ) ዝተባህለ ጋዜጣ እዚ ዝስዕብ ፍረ ነገር ይርከቦ። "እዚ ኣብ መንጎ ቅዱስነቶም ፓትርያርክ ዮሓንስን ናይ ኢጣልያ ሚኒስተር ሆን ካንታሉፓን ዝግበር ዘሎ ውዕል ብመሰረት ክብሪ መን

O Ch.E.N.Ch.M. p. 25-27, 54. * ሓሳበ ቢዘን መጽሓፈ ሕርግራግ ብራና ደብረ ቢዘን። * ገድለ ኤዎስጣቴዎስ ብራና ደብረ ድሁሃን።





በረ ፓትርያርክ ግብጽን ናይቲ ብኣገዳሲ ምኽንያት ንኤርትራ ሒዙ ዘሎ ሓይልን (መግዛእቲ ኢጣልያ) ክምኡውን ንናይ ሕሊና ቕሳነት ኦርቶዶክሳውያን ሕዝቢ'ዚ ግዝኣት'ዝን (ኤርትራ) ክብሃል ፍታሕ ንምግባር ቅድሚ ቑሩብ ጊዜ ንዝተገብረ ውሳኔ (ጵጵስና ሓበሻ ብጠቕላላ ዝነበረ) ንምቕያር (ናይ ኤርትራ ብተፈልዩ ክኸውን) ዝተሓስበ ኢዩ።

እዚ ብኽልቲኦም ወገናት ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ፡ ሚኒስተር ኢጣልያ ምስ ኣማኻሪ እቶም ልኡኻት ግዝኣትን (ኢጣልያ) ኣብ ሉክሰር ናይ ኢጣልያ ቆንስል ሚስተር ኣንድራዎ ቢሻራን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ብ7 ሰነ 1929 ፈ. ሰዓት 11.00 ቅድሚ ቐትሪ ኣብ መንበረ ፓትርያርክ (ግብጺ) ሰነዳት ብምውህሃብ ተፈጺሙ። ኣብቲ ሰነድ ሃይማኖታዊ ምምሕዳር መንበረ ፓትርያርክ እስክ ንድርያ፡ ኣብ ልዕሊ ኦርቶዶክሳውያን ሕዝበ ኤርትራ፡ መንግስቲ ኢጣልያ ከም ዝፈልጥ ብምርግጋጽ፡ ሚኒስተር ኢጣልያ ኣስሚሩ።

እቲ ኣብ ሰነድ ተጠቒሱ ዘሎ ሕቶ ኸኣ መንፈሳዊ ምክትታልን ሓላፍነትን መንበረ ፓትርያርክ ግብጺ ብቐጥታ (ምስ ኤርትራ) ክኸውን፡ ክምኡ'ውን ኦርቶዶክሳውያን ኣባጽሕ ኤርትራ፡ መዓርጋተ ክህነት ክደልዩ ኸለዉ ናብዚ መንበረ ፓትርያርክ እናመጹ፡ ክቕብኡን ስልጣነ ክህነት ክቕበሉን ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ፓትርያርክ ዮሓንስ ብወገኖም እቲ ኦርቶዶክሳውያን ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ መንፈሳዊ ስልጣኖም ክኾኑ ዝብል ብሚኒስተር ኢጣልያ ዝቐረበ ውሳኔ ብምርግጋጽ ተቐቢሎሞ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ቅዱስነቶም ኣብ ሉዓሌ ቤተ ክርስቲያን መንበረ ቅዱስ ማርቆስ መንግስቲ ኢጣልያ ንዘለዎ ጽቡቕ ኣረኣእያ ብምምስጋን ኣባጽሕ ኦርቶዶክሳውያን ኤርትራ መዓርጋተ ክህነት ክደልዩ ኸለዉ ባዕሎም (ፓትርያርክ) ክቐብኡዎም ምኳኖም ገሊጾም። ብኡ ንብኡ

ኸኣ ናይቲ ስምምዕ ሰነድ ብኽልቲኦም ተወዓዓልቲ ተኸቲሙ።[26]

በዚ ኸምዚ ድማ ውሉደ ክህነት ዝኾኑ ኤርትራውያን ብፈላጣት ካህናት ዝቕመት ሽማግለ እናተመርመሩ፡ ብኣተሓባባርነት ልኡኽ መንግስቲ ኢጣልያ፡ ካብ ኤርትራ ናብ መንበረ ፓትርያርክ ግብጺ ከይዶም ይቕብኡ ነበሩ።[27] ካብኣቶም ሓደ ንምሳሌ ቀዳማይ ፓትርያርክ ኤርትራ፡ ኣቡን ፊልጳስ ብ1926 ዓ.ም.ግ. መዓርገ ክህነት ካብ ፓትርያርክ ግብጺ መበል 19 ዮሓንስ ተቐቢሎም።

ኣቐዲሙ ከም ዝተገልጸ፡ ሓበሻ ጳጳሳት ክሽየሙ ኣብ መንጎ ኣብያተ ክርስቲያን ሓበሻን ግብጽን ስምምዕ ምስ ተገብረ ንመጀመርታ ጊዜ 4 መነኮሳት ኢትዮጵያ ብ1921 ዓ.ም.ግ (1929) ናብ ካይሮ (ግብጺ) ከይዶም ካብ ፓትርያርክ ዮሓንስ መዓርገ ጵጵስና ተቐብኡ። ምስኡ ድማ ብኢደ ወነኖም ጳጳስ ኤጲስቆጶስ ከይሾሙ፡ ብሲኖዶስ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ከም ዝተወሰነ ተገሊጹሎም ናታቶም ሓላፊ ሊቀ ጳጳስ ግብጻዊ ኣቡን ቄርሎስ ኮይኖም መጹ።[28]

## ባዕለ መሪሕነት ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ

ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ካብ ኤርትራ ሓሊፉ እንኮላይ ንኢትዮጵያ ኣብ ዝሓዘሉ ዓመታት፡ እቶም መራሒ ጳጳሳት ሓበሻ ኾይኖም ዝመጹ ግብጻዊ ሊቀ ጳጳስ ኣቡን ቄርሎስ ናብ ዓዶም ተመልሱ። (ምስ መግዛእቲ ኢጣልያ ስምምዕ ስኢኖም።) ሽዑ፡ ካብ'ቶም መጀመርታ ዝተሾሙ ጳጳሳት፡ ኣቡነ ኣብርሃም ብምኽሪ ሊቃውንቲ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ተሓርዮም ሊቀ ጵጵስና ተሾሙ። ንሶም ከኣ መዓርገ ሊቀ ጵጵስና ምስ ተቐበሉ ሽዑ መዓ

———

[26] Ch.E.N.Ch.M. p. 39-41. (THE CHURCH OF ETHIOPIA THE NATIONAL CHURCH IN THE MAKINE BY YOLAND MARA ASMARA 1972 P. 39-41

[27] ሀ.ደ.ኡ. ገጽ 80።

[28] ኣ.ቤ.ክ.ታ. ገጽ 39-40።





ልቲ 21 ሕዳር 1930 ዓ.ም.ግ (30-11-1937) ናይ ገዳም ደብረ ቢዘን ኣበ ምኔት ዝነበሩ መምህር ገብረ ኣምላኽ ዝርከቡዎም ጳጳሳት ሾሙ።

መምህር ገብረ ኣምላኽ፡ "ብጹዕ ኣቡን ማርቆስ" ተባሂሎም ጳጳስ ዘኤርትራ ኮኑ። ቅድም ኢሉ መምህር ገብረ ኣምላኽ፡ ካብ ግብጺ ጵጵስና ክሽየሙ ዝተገብረ ፈተነ ብሓደ ሓደ ምኽንያት ተዓናቒፉ ኣብ መዕለቢኡ ከይበጽሐ ኸሎ መግዛእቲ ኢጣልያ ንኢትዮጵያ ስለ ዝሓዛ እቲ ሽመተ ጵጵስና ኣቡነ ማርቆስ ኣብ ኢትዮጵያ ተፈጺመ።

ሽመተ ሊቀ ጵጵስና ሓበሻ፡ ምስ ተሰምዐ ቅዱስ ሲኖዶስ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ብ28 ታሕሳስ 1937 ፈ. ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ፡ ካብ መንበረ ማርቆስ ብተፈልዮ ዝተገብረ ሽመት ሊቀ ጵጵስና ኣቡነ ኣብርሃም ማእከልነት ስለ ዝጠሓሰ ሽመቶም ኮነ ንሶም ዝሃቡዎ ሽመት ተቐባልነት ከይህልዎ ዝእግድ ውሳኔ ኣመሓላለፈ።

እንተ ኾነ ብምኽንያት ሽዑ ዝነበረ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ እቲ ውሳኔ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ከይበጽሐን ኣብ ግብሪ ዘውዕሎ ከይተረኽበን ከሎ፡ ኣቡነ ኣብርሃም ብ21 ሓምለ 1939 ፈ. ዓሪፎም መተካእታኦም ኣቡነ ዮሓንስ (ብኣቡነ ኣብርሃም ተሸይሞም ዝጸንሑ) ብ1 መስከረም 1932 ዓ.ም.ግ (12-9-1939 ፈ.) ብቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ዳግማዊ ሊቀ ጳጳስ ኮይኖም ተሾሙ። ንሶም ብወገኖም ኣብቲ ዕለት'ቲ ኣቡነ ቄርሎስ ኤጲስቆጶስ ዘኤርትራ (ተሓጋጋዚ ኣቡነ ማርቆስ) ንዝርከቡዎም ጳጳሳትን ኤጲስቆጶሳትን ሾሙ።

መግዛእቲ ኢጣልያ ካብ ኤርትራን ካብ ኢትዮጵያን ምስ ለቐቐ ኣብ መንጎ ኣብያተ ክርስቲያን ግብጽን ሓበሻን ብዛዕባ ጉዳይ ሽመተ ሊቀ ጵጵስና ክርክር ተገብረ። መወዳእታ ግን ናብ ግብጺ ኸይዶም ዝጸንሑ ኣቡን ቄርሎስ ኣብ ናይ ቀደም ስራሖም (ሊቀ ጵጵስና ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ) ክምለሱ ሽመተ ጵጵ

ስና ሓበሻ ክቕጽል ኣብ ስምምዕ ተበጺሒኦሞ ኣቡን ቄርሎስ ተመልሱ።

ይኹን'ምበር፡ ኣቡን ቄርሎስ ማዕረ ሓደ ሚኒስተር መሃያ እናተቐበሉ ኣብ ጉዳይ ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን ከይኣተዉ መዓርጋተ ክህነትን ቡራኬን ጥራሕ ክህቡ ስለ ዝተወሰነ ብጽሙና ክቕመጡ ድሕሪ ምጽናሕ ብ1947 ፈ. ናብ ገዳሞም ግብጺ ኸይዶም ብ22 ጥቅምቲ 1950 ፈ. ዓረፉ። በዚ ኸኣ ተፍጻሜተ ግብጻውያን ጳጳሳት ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ኾነ።[29]

ግብጻዊ ሊቀ ጳጳስ ኣቡን ቄርሎስ ምስ ዓረፉ፡ ኣብ ካልኣይ ዙርያ ሽመተ ጵጵስና ሓበሻ ኣብ ካይሮ ብ18 ሓምለ 1940 ዓ.ም.ግ (25-7-1948 ፈ.) ተሸይሞም ዝጸንሑ ጳጳስ ኣቡን ባስልዮስ ብ6ጥሪ 1943 ግእዝ (14-1-1951 ፈ.) ካብ መንበረ ፓትርያርክ ግብጺ መዓርገ ሊቀ ጵጵስና ተዋህቦም። ብድሕሪኡ'ውን ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ብናታ ፓትርያርክ ክትመሓደር በብግዜኡ ተቐርቦ ዝነበረት ሓሳብ ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ በጺሑ፡ ብ21 ሰነ 1951 ዓ.ም.ግ (28-6-1959) ኣቡን ባስልዮስ ናይ ኢትዮጵያ ፓትርያርክ ኰይኖም ብመንበረ ማርቆስ ዘእስክንድርያ ተሾሙ። ድሕሪ 16 ዘመን ከኣ መሪሕነት ግብጻውያን ጳጳሳት ኣብ ልዕሊ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ኣብቀዐ።[30]

## ናጻ ሉዓሌ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
## <u>ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ</u>

ባዕዳውያን ግዝኣተ ኢጣልያን፡ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝን ካብ ኤርትራ ለቒቖም፡ መቓረንቲ ኢትዮጵያ ክሳዕ ዝተተከኣሉ ጊዜ ኤርትራዊ ጳጳስ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ

29 C.E. vol. 3 p. 1041-1042. * Ch.E.N.Ch.M. p. 35-36.
30 ኣ.ቤ.ክ.ታ. ገጽ 44። ኢ.ኦ.ተ.ቤ.ክ.ታ. ገጽ 7። * E.Civ. p. 105.





ኣቡን ማርቆስ ነበሩ። ንሶም ብ1953 ዓ.ም.ግ ምስ ዓረፉ'ውን ኤርትራዊ ጳጳስ (ደሓር ሊቀ ጳጳስ) ኣቡን ኣትናቴዎስ ካብ ፓትርያርክ ኢትዮጵያ ተሸይሞም ተተክኡ።

እዞም ኤርትራውያን ጳጳሳት ኣብ ዝነበሩሉ ዘመን ምስ ሊቃውንትን ኣበምኔታትን ገዳማት ኤርትራ ብምምኽኻር ሓደ ሓደ ምምሕያሻት ኣናባባር ቤተ ክርስቲያን ንምግባር ይፍተንኳ እንተ ነበረ፡ ምስቲ ልዕልና ኢትዮጵያ ዘርእዮ ዝነበረ ባህርያት ዘይምምዝዛን ሓሳባት ከሳኒ ብዘይ ምኽኣሉን ኣውራ ኸኣ ኣብ ኢትዮጵያ ዘይስርሓሉ ኣገባብ እንተ ኾይኑ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ስለ ዘይከኣለን ደድሕሪ ስርዒት ኢትዮጵያ ክስዓብ ግድን ነበረ።

ካብቲ ፈተነ ምምሕያሽ፡ ምስትንባር ንምሳሌ፡ ብዘመነ ኣቡን ማርቆስ ጀሚሩ ኣብ ጊዜ ኣትናቴዎስ ብ21 መስከረም 1954 ዓ.ም.ግ ኣማኽርቲ መንበረ ሊቀ ጵጵስና ዝኾኑ ኣበ ምኔታት ገዳማት ኤርትራን ሊቃውንትን ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣስመራ ዓቢይ መንፈሳዊ ጉባኤ ተገይሩ ምስ ተዘተየሉ ከም ሓደ ልቡና መኻሪ፡ ከም ሓደ ቓል ተናጋሪ ኾይኖም ዝተሰማምዑሉ ካብ 21 ጥቅምቲ 1954 ዓ.ም.ግ ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ዝውዕል "ናይ ኤርትራ ቤተ ክርስቲያን ምምሕዳር ምምሕያሽ ስርዓት" ብዝብል ርእሰ ጽሑፍ (ብቛንቋ ኣምሓርኛ) 6 ዓንቀጽ ዝሓዘ መምርሒ ብብጹዕ ኣቡን ኣትናቴዎስ ሊቀ ጳጳስ ኤርትራ ዝተፈነወ (ዝተመሓላለፈ)

1. ተዝካር ብእኽለ ማይ ምኻኑ ተሪፉ፡ ብገንዘብ ክኽፈል።
2. ብዝሒ ደሞዝ ዝግበረሎም ውሉደ ክህነት (ካብ ኣታዊታት ቤተ ክርስቲያን ዓዲ) ከከም ብዝሒ ምእመናን ዝርከብዎ ዓዲ ኾይኑ፡

ሀ. ልዕሊ 500 ምእመናን (ገባር) ዝነብሩሉ ዓዲ ዓቢይ ደብሪ ተባሂሉ፡ 12 ካህናት፡ 7 ዲያቆናት፡ 6 መዘምራን፡ ብድምር 25 ኣገልገልቲ፡

ለ. ካብ 200-500 ዝምእመናኑ ዓዲ፡ ማእከላይ ደብሪ ተባሂሉ

7 ካህናት 5 ዲያቆናት፡ 3 መዘምራን ድምር 15 ኣገልገልቲ።

ሐ. ካብ 70-200 ምእመናን ዝርከቡዎ ዓዲ፡ ንኡስ ደብሪ ተባሂሉ፡ 4 ካህናት፡ 3 ዲያቆናት፡ 3 መዘምራን ድምር 10 ኣገልገልቲ፡

መ. ትሕቲ 70 ዝምእመናኑ፡ ቍሸት ንእሽቶ ዓዲ ኾይኑ፡ 3 ካህናት፡ 2 ዲያቆናት ብድምር፡ 5 ልኡኻን ብማሕድሮ ደሞዝ ክውሃቡ፡

ካብዚ ዝተጠቕሰ ኣሃዝ ዝበዝሑ ውሉደ ክህነት ኣብ ዝህልዉሉ በብእብረ (እብሬት) ብደሞዝ ክሓድሩ ይኽእሉ።

3. ጽላት (ታቦት) ስመ ስላሴ፡ ስም ናይቲ ዝተመደበ ቅዱስ መጸውዕን ስም ዓድን ጥራሕ እምበር ስም ውልቀ ሰባት ወይ እንዳታት ክይጸሓፎ።

4. ቀዳም ስዑር፡ ዝዕደል ሰቲ ገዛ ገዛ ምኻድ ተሪፉ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ክዕደል፡

5. ንቤተ ክርስቲያን ዝውሃብ መባእን መብጽዓን ወዘተ. ኣብ ጉዳይ ዓድን ምስ ገንዘብ ዓድን ከይተሓወሰ ኣብ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያንን ኣብ ረብሓ ውሉደ ክህነትን ክውዕል፡

6. ንዝበደለ ሰብ ኣብ መንፈሳዊ ዳንነት ቀሪቡ ተግሳጽ ክውሃቦ'ምበር ብዝመስልን ዘይመስልን ከም ድፍረት በዓልን ካልእን ከይውገዝ ... ዝብል ነበረ።[31]

እንተ ኾነ፡ ሰር ዝሰደደን ነዊሕ ዝጸንሐን ልማድ ብቕልጡፍ ክመሓየሽ ዘጸግም ምኻኑ'ኳ እንተ ተፈልጠ፡ ኣብ ምጕስጓስን ምግላጽን ነገራት ተገዳስነት መራሕቲ ስለ ዝሓትት እዚ ብዘይ

31 የኤርትራ ቤተ ክርስቲያን አስተዳደር ደንብ መሻሻል ጥቅምት 22-1954 ዓ.ም.ግ.





ምርካቡ ሓፋሽ ሕዝብን ቤተ ክህነትን ክሳዕ ዝነቕሑሉ ክሳውሩ ዝደልዩ ሰባት'ውን ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ፡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስርዓት ከም ዘይኮነን ብገንዘብ ዝኽፈል ነገር ኣብ ቤተ እግዚኣብሔር ከም ዘይነበረን ኣምሲሎም ክገልጹዎ ስለ ዝፍትኑ ኣካታዒ ኾይኑ ጸኒሑ ኢዩ።

ንኣገልግሎት ቤተ እግዚኣብሔር፡ ብገንዘብ ምኽፋል ግን ሓድሽ ነገር ኣይኮነን። (ዘጸ 30፡13። 38፡25። ማቴ 17፡24-27።) ብድሕር'ዞም ኤርትራውያን ጳጳሳት ኣብ ኤርትራ ሓሙሽተ ኢትዮጵያውያን ጳጳሳት በብእብረ ተቐሚጦም ሓሊፎም ኢዮም።

ካብ ግዝኣተ ባዕዲ ኢጣልያ ጀሚሩ ሚእቲ ዓመት (ካብኡ 30 ዓመት ብረታዊ ቓልሲ) ተጋድሎ ዘሕለፈት ኤርትራ፡ 24 ግንቦት 1991 ፈ. ተዓዊታ ሓርነታ ምስ ተላበሰት፡ ኤርትራውያን ሊቀ ጳጳስ ጳጳሳት ኣቡን ፊልጶስ፡ ኣቡን መቃርዮስ፡ ኣቡን ያዕቆብ፡ ኣቡን ማርቆስ ከካብ ዝነበሩዎን ሃገራት ናብ ሃገሮም ኣተዉ።

ጨንፈር ኢትዮጵያ ኮይና ዝጸንሐት ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ብ21 መስከረም 1984 ዓ.ም.ግ (2-10-1991 ፈ) ካብ ኣበ ምኔታት ገዳማት፡ ካብ ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኣባላት ዝርከቡዎ መሰጋገሪ ሲኖዶስ ብምቛም፡ ካብ ኢትዮጵያ ብተፈልዮ ባዕለ ምምሕዳራዊ ስራሓ ጀመረት።

ኣብ ጽባሕ፡ ፍጹም ምሉእ ውሳኔ ሕዝቢ፡ ዓለም ዝመስከሮ ወግዓዊ ዓመተ ናጽነት ኤርትራ ምስ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ኣብ ዝተገብረ ዝርርብ፡ ታሪኻውን ሕጋውን ርክባቱ ተጸኒዑ ክኸውን ዝግብኦ ጉዳይ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡ ኣብ ስምምዕ ስለ ዝተበጽሐ፡ ካብ መምህራን መራሕቲ ገዳማት ኤርትራ ብብዝሒ ድምጺ ዝተሓርዩ ሓሙሽተ ኣበ ምኔታት ናብ ስርወ መንበረ ፓትርያርክና ቅዱስ ማርቆስ ወንጌላዊ ብምኻድ ብ12 ሰነ 1986 ዓ.ም.ግ. (19-6-1994) ዕለተ (ጰንጠቆስጤ) በዓለ መንፈስ ቅዱስ

ካብ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡን ሺኖዳ ሳልሳይ መዓርገ ጵጵስና ተቐቢኦም መጹ።

ሽዑ ተሓቲሙ ዝወጸ ኣብ ትሕቲ ኣቡን ሺኖዳ ሳልሳይ ዝዳሎ ርብዒ ዓመታዊ እንግሊዝኛ መጽሔት ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ኣብ ቀዳማይ ገጽ (ገበሩ) ብስእሊ ኤርትራውያን ጳጳሳት ምስ ቅዱስነቶም ፓትርያርክ ሺኖዳን ሰዓብቶምን ዝማዕረገ ኣብ ልዕሊ እቲ ስእሊ (ፎቶ) "ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ" "Eritrea's Holy Sinod" ዝብል ርእሲ ጽሑፍ ዘለዎ ከምዚ ዝስዕብ ትርጉም ይንበብ። "ናይ ሎም ዘመን በዓለ ጰንጠቆስቴ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ሲኖዶስ ክቐውም ዝጀመረሉ ታሪኻዊ ዕለት ኢዩ። ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡን ሺኖዳ ሳልሳይ ብስሳ (60) ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን ተሰንዮም ንሓሙሽተ ጳጳሳት ኤርትራ ብጹዓን፡-

1. ኣቡን እንጦንዮስ፡ ጳጳስ ሓማሴን
2. ኣቡን ዲዮስቆሮስ፡ ጳጳስ ሰራየ
3. ኣቡን ቄርሎስ፡ ጳጳስ ኣከለጉዛይ
4. ኣቡን ዮሓንስ፡ ጳጳስ ሰንሒት፡ ሳሕል፡ ባርካን ጋሽን
5. ኣቡን ሰላማ፡ ጳጳስ ሰምሃርን ደንካልያን

ንቕዱስ መዓርገ ጵጵስና ቀቢኦሞም። ብጹዕ ኣቡን ፊልጶስ ጳጳስ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ብጹዓን ጳጳሳት ኣቡን መቃርዮስን ኣቡን ማርቆስን ኣብቲ ስርዓተ ተቀብኦን ጸሎተ ሽመትን ተሳቲፎም።

ቅዱስነቶም (ኣቡን ሲኖዳ) ነዞም ሓደስቲ ጳጳሳት መሳቕል በትረ ጳጳሳትን ልብሰ ጵጵስናን ኣበርኪቶሙሎም፡ እቲ ስርዓተ ተቀብኦን ጸሎተ ሽመትን ብሓሙሽተ ቛንቋታት ብቕብጢ፡ ብዓረብኛ፡ ብእንግሊዝኛ፡ ብፈረንሳይኛን (ካልኣት ወጻእተይናታት ጳጳሳት'ውን ስለ ዝነበሩ) ብቛንቋ ኤርትራ ብግእዝን ኢዩ ተፈጺሙ። ቡራኬን መግለጽን ናይ'ቶም ጳጳሳት ኤርትራ ኸኣ ብቛንቋ ትግርኛ ተነጊሩ።





እዚ ዕለት'ዚ ብበበይኑ ቛንቋታት ብምክያዱን ምምስራት ሓዳስ ቤተ ክርስቲያን (ኤርትራ) ብምኳኑን ምስታ ፈላሚት በዓለ ጰንጠቆስቴ ይመሳሰል። (ግብ ሓዋ 2፡1።)

ሽዑ መዓልቲ ንምሽቱ መንበረ ጵጵስና፡ ሓፈሻውን ማሕበራውን ኣገልግሎት ሕዝቢ ነዞም ሓደስቲ ጳጳሳት ናይ ድራር ዕድመ ገይሩሎም። ኣብቲ ኣጋጣሚ'ቲ ቅዱስነቶምን (ኣቡን ሺኖዳ) ብዙሓት ጳጳሳት ኣብያተ ክርስቲያንን ተረኺቦም ናይ ፍቕሪ መልሰ ቓላት ተወሃሂቦም ህያባት'ውን ተወፍዮሎም።

ቅድም ኢሉ ዓርቢ 17 ሰነ 1994 (10-10-1986 ግእዝ) ቅዱስነቶም (ፖፕ ሺኖዳ) ምስቶም ኣብቲ ስርዓተ ተቀብኦ ዝተረኽቡን ኣብ ጽምብሉ ዝተሳተፉን ልኡኻን ኤርትራ ምሉእን ምዉቕን ፍቕሪ ዘለዎ ርክብ ጌሮም ነይሮም።[32]

እዞም ጳጳሳት ዝምደቡወን ኣድያማተ ስብከት (ዞባታት፡ መንበረ ጵጵስና) መሰጋገሪ ሲኖዶስ ወሲኑ ስለ ዝጸንሐ ብብስሞም ጸሎተ መንበረ ጵጵስና ተገይሩሉ፡ ብብዝተወሰነሎም መናብርተ ጵጵስናን ኣድያማተ ስብከትን ተመዲቦም ኣገልግሎቶም የበርከቱ።

እዛ ሓዲሽ መንፈሳዊ ስርዓተ ምምሕዳር እትምስርት ጥንታዊት ቤተ ክርስቲያን እኹል ተመኩሮ ስራሕ ክሳዕ እትድልብ መሰጋገሪ ሲኖዶስ ከም ዝነበሮ ክቕጽል ተገብረ።

ኣብ 1990 ዓ.ም.ግ ጳጳሳት ኣድያማተ ስብከት (ዞባታት ኤርትራ) ኣባላት መሰጋገሪ ሲኖዶስን ምእመናን ዓበይቲ ዓድን ኣብ ኣስመራ ተጋቢኦም ሊቀ ጳጳስ ልኡኽ እስክንድርያ ኣቡን ብሾይ ብተዓዛብነት ኣብ ዝተረኽቡሉ ንሽመተ ፓትርያርክና ሕጹያት ምስ ተረቑሑ ብስምረትን ምልኣተ ድምጽን እቶም በብኣድያመ

32 "EL-KERAZA" 'Preaching English magazine 1710 A.M. 1994 A.D. June vol. 3 No. 3 p. 1, 3.

ስብከቶም ንሕዝቢ ዝመርሑን ዝውክሉን ጳጳሳት ተሓርዮም፡ ኣቡን ፊልጶስ ናብ ሽመተ ፓትርያርክና በቕዑ።

ብ30 ሚያዝያ 1990 ዓ.ም ግእዝ (8-5-1998 ፈ) ድማ ኣብ መንበረ ማርቆስ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ብ54 ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን ተሰንዮም፡ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡን (ፖፕ) ሺኖዳ (ሳልሳይ) ጸሎተ ሽመትን ስርዓተ ተቀብኦን ኣብጺሖም፡ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡን ፊልጶስ ቀዳማዊ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኾይኖም ተሸሙ።

ኣብቲ ዓመት'ቲ መስጋገሪ ሲኖዶስ ተልእኾኡ ኣብቂዑ ካብ ስራሕ ብምፍናው፡ ብሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን ጥራሕ ዝቖመ ቅዱስ ሲኖዶስ ሓላፍነቱ ተረከበ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ላዕለዋይ መሪሕነት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን ዝኣባላቱ ቅዱስ ሲኖዶስ ኮይኑ ዓለማዊ ርክባቱ ብዝምልከት ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኣባላት ዘለዉዎ ጉባኤ መማክርት ወመናብርት ይትሓጋገዝ።

"ካብቲ ንሕና እንልምኖን ኵሉ እንሓስቦን እምብዛ ኣዕዚዙ ክገብር ዝከኣሎ ኣምላኽ፡ ካብ ዘለዓለም ንዘለዓለም ንዅሉ ወለዶታት፡ ብቤተ ክርስቲያን ብክርስቶስ ኢየሱስ ክብሪ ይኹኖ ኣሜን።" ኤፌ. 3፥20-21።